# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.140 | ረቡዕ 11 ለካቲት 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
መደረቀዳማይ ሚኒስተር ብልጽግና ብዓይኒ ኢትዮጵያውያን

ገጽ 3
ኣመጻጽኣ ‘ኢትዮጵያ’ ዝብል ሓድሽ ስም ኣቢሲንያ

ገጽ 4
“ካብ መኪናንስብ ኢና ኣንቀድም” ወኪል ተመረቐ


ገጽ 5
ዜሮ ተጻዋርነት ንምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ



ገጽ 11
ሃገራዊ ውድድር ሻምፕዮን ክለባት ደቂ-ኣንስትዮ ተዛዚሙ


## ዓንሰባ - ትካላት ንድሕነት ሰራሕተኛታት ቀዳምነት ክህባ መዘኻኸሪ ቀሪቡ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ድሕነት ሰራሕተኛታት ኣብ ቦታ ስራሕ ቀዋምነት ንኽወሃቦ፡ ኣፍልጦ ሰራሕተኛታትን ኣሰራሕትን ክዓቢ ከምዘዋፅኦ፡ ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ሓላፊ ኣሃዱ ዕዮ ኣቶ ጸሃየ ሓጎስ ኣዘኻኸሩ።

“ምሕላው ድሕነት ጺጋ ሰብ፡ መሰረታዊ መሰል ሰራሕተኛ ምርግጋጽ’ዩ” ዝበለ ኣቶ ጸሃየ፡ ማእከል ስትራተጂ ልምዓት ዝኾነ ሰራሕተኛ ድሕነቱ ምስ ዝረጋገጽ፡ ኣብ ምብራኽ ኣፍራይነት ልዑል ኣበርክቶ ስለዘለዎ፡ ኣሰራሕቲ ኣተኩሮ ክህብዎ ከምዘዋፅኡ ገሊጾም።

ኣብ ኣዋጅ ሕጊ ዕዮ ዓንቀጽ 143 ቀጽሪ 3፡ ድሕነት ኣብ ቦታ ስራሕ ክረጋገጽ፣ ከምኡ’ውን ትካል ንሰራሕተኛን መስርሕ ስራሕን ውሑስ ኮይኑ ክዋደድ ከምዝበድድ ዝሓብር ኣቶ ጸሃየ፡ ሓደጋ ወዘበ. ዘጋጥም ክስተት’ኳ እንተኾነ፡ ብዝዋገር ቅድመ ምድላዋት ንምቕጽጻሩ ወይ’ውን ናብ ዝተሓተ ደረጃኡ ንምውራዱ ከምዝከኣል ኣጆሩ።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ኣሰራሕቲ ንድሕነትን ጥዕናን ዝምልከቱ መምርሒታትን መምዘኒታትን ተኸቲሎም ክኸዱ፣ ውልቃዊ መከላኸሊ ናውቲ ክቐርቡን ንኣጠቓቕማኡ ዝምልከት ስልጠና ክህቡን ቀጻሊ ምክትታል ክገብሩን ተማሕጺኖም።

እቲ ኣሃዱ ኣብ 2025 ቀጻጸር ካብ ዝገበረለን ልዕሊ 900 ትካላት፡ እተን 164 ጥራይ ብዝተማልአ ንሞያዊ ድሕነትን ጥዕናን ኣማሊአን ከምዝተረኽባ ብምሕባር፡ ዝተረፋ -



ሓበሬታ፡ መጠንቀቕታን መቕጻዕትን ከምእተዋህበን ሓቢሩ። ብዘይካዚ፡ ኣብ ከተማ ከረንን ሓጋዚን ክልተ ናይ ስራሕ ሓደጋታት ከምዘጋጠመ፡ እንተኾነ ኣብ ሂወት ሰብ ዝወረደ ጉድኣት ከምዘይነበረ ገሊጹ።

## ኣፍዓበት - ንመምህራን ናይ ቅድመ-ትምህርቲ ስልጠና ተዋሂቡ

ኣብ ኣፍዓበት፡ ብምትሕብባር ጨንፈር ማሕበር መምህራን ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕርን ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበትን፡ ን50 ደቀኣንስትዮ መምህራን ቅድመ-ትምህርቲ ስልጠና ተዋሂቡ።

እቲ ንሓደ ሰሙን ዝቐጸለ ስልጠና፡ ኣብ ሜላታት ኣተኣላልያን ኣመሃህራን ኣብ ዕድመ ኣርባዕተን ሓሙሽተን ዓመት ዝርከቡ ቈልዑ ዘተኮረ’ዩ ነይሩ።



ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት መምህር መሓመድ-ዓሊ እድሪስ፡ መደብ ቅድመ-ትምህርቲ መሰረት ዝቕጽል ደረጃታትን ብሩህ መጻእን ስለዝኾኑ፡ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዓቢ ኣቓልቦ ሂቡ ይሰርሓሉ ከምዘሎ ብምሕባር፡ ዕላማ ናይ’ቲ ስልጠና - ዓቕሚ መምህራን ብምሕያል ተወዳደርቲ ተመሃሮ ንምፍራይ ምዃኑ ገሊጹ።

ኣብ 2025፡ ኣብ’ቲ ንኡስ ዞባ ን4,500 ቈልዑ ዝምህራ 87 ኣቕጣታት ቅድመ-ትምህርቲ ከምእተኸፍታ፡ መምህር መሓመድ-ዓሊ ብተወሳኺ ሓቢሩ።

ኣብ መወዳእታ ስልጠኖቲ፡ ንዝተቐበሎ ስልጠና ዘንጸባርቕ ምርኢት ኣቕሪበን።



## ሆስፒታል ኣቑርደት፡ ዝተማልአ ኣገልግሎት ንምርግጋጽ ይሰርሕ ኣሎ

ኣብ ሆስፒታል ኣቑርደት፡ ሰባውን ንዋታውን ዓቕሚ ብምድላብ፡ ዝተማልአ ኣገልግሎት ንምርግጋጽ ሓያል ጻዕሪ ይካየድ ምህላዉን ዝምስገን ውጽኢት ይርከቦ ከምዘሎን ተገሊጹ።

ሓላፊ ሆስፒታል ኣቑርደት ዶ/ር ሰገን ኀይትኦም ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ’ቲ ሆስፒታል ብቐዓቱ ዝሓለወ መሰረታዊ መርመራታትን ኣገልግሎታትን ከምዝካየድ ብምግላጽ፡ ቡበእዋኑ ዝግበር ዘሎ ወሰኽ ክኢላዊ ዓቕምን መሳርሒታትን ንዓይነት ዝወሃብ ኣገልግሎት ከምዘበረኾ ሓቢሩ።

ሕክምና ስኒ ንምስፋሕ ብዘወጸ ውጥን’ውን፡ ምስ ኮሚቴ ጥዕና ንኡስ ዞባ ብምውህሃድ ተወሳኺ ክፍሊ ይህነጽ ምህላዉ ኣረዲኡ።

ኣብ መወዳእታ፡ ሳላ’ቲ ቡበእዋኑ ዘውሰኽ ዘሎ ቁጽሪ ሞያውያንን ናውቲ ሕክምናን፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ልዕሊ 1,300 ነፍሰ-ጾራት ኣብ’ቲ ሆስፒታል ከምእተገልገላ ሓቢሩ።



# መደረ ቀዳማይ ሚኒስተር ብልጽግና ብዓይኒ ኢትዮጵያውያን

“ባይቶ ወከልቲ ህዝቢ ኢትዮጵያ” ብ3 ለካቲት 2026፡ ኣኼባ ኣብ ዘካየደሉ፡ መራሒ ጉጅለ ብልጽግና 4 ሰዓታት ዝወሰደ ዲስኩር ኣሰሚዑ። “ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ዝበኣሱልና ደገፍ ወትሩ ዝርኣዩ ኣይኣነን”፣ “ከም ኣብ እዋን ጸልማት፡ ኣብ እዋን ጸገማ’ውን ጸላኢትካ ከይተረፈ’ዩ ዝጠልመካ። ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ግና፡ ኣብ’ቲ ከቢድ እዋን ጸገምና ምሳና ደው ዝበሉ ሓቀኛ መሓዙት’ዮም”፣ “ሰራዊትና ብዘወረዶ ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ ዕርቓኑ ወጺኡ ናብ መሬት ኤርትራ ምስ ኣተወ፡ ህዝቢ ኤርትራ ከዲንዎ፡ ኣብሊዕዎ፡ ኣስቲዩዎን ኣልጊሱዎን። ዝኾነ ህዝቢ ኢትዮጵያ ክፈልጦ ከኽብሮ ኣለዎ።”. . ወዘተ እናበለ ብኣቃጻልጻሊ ሓረጋት ንህዝቢ፡ መንግስትን ሰራዊትን ኤርትራ ይንእድ ከም ዝነበረ ደማ፡ ኣብዚ ናይ ሕጂ መደረ - ልሳኑ ብምቕያር፡ ንጠንቂ ናይቲ ድሕሪ ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራን ዝተፈጥረ ጸገም ብዘምልክት፡ ብሓሶት ዝተተኽተኸ፡ ኣብ ሚድያታት መዋረዲኡ ኮይኑ ዝቐጸለ ዕሽላዊ መግለጺ ኣቕሪቡ። ንሎሚ፡ ኢትዮጵያውያን ኢትዮጵያውያን ሚድያታትን ዝበልዎ ነቕርበልኩም።

ቀዳማይ ሚኒስተር ብልጽግና ኣብ መደረኡ፡ “ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራን ዘሎ ጸገም፡ ሕጂ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንጉዳይ ቀይሕ ባሕሪ ብምልዓሉ ዝተኸሰተ ኣይኮነን። ካብ ምፍጣር ኤርትራ ኣትሒዙ ዝነበረ’ዩ። ኣብ እዋን ውግእ ትግራይን ድሕሪ ስምምዕ ፕሪቶርያን ደማ፡ እቲ ምቅሕሓር ብኢሱ።” ክብል ንኤርትራን ሰራዊት ኤርትራን ብዘይ ሕንከት ወንጂሉ። ብዛዕባ’ቲ ጉዳይ ኣቢቱታ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንምቕራብ ደማ፡ ተኸታቲሉም ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ንዝነበሩ ኣቶ ገዱ ኣንዳርጋቸውን ኣቶ ደመቀ መኮንንን ናብ ኤርትራ ከም ዝለኣኸ ብምጥቃስ፡ “ንማዕተቦም እንተማኸርናም፡ ዝ. ኣየርኣዩምን’ዮም” ኢሉ።

ካብ 2019 ክሳብ 2020 ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ፣ ካብ ሕዳር 2020 ክሳብ ሰነ 2022 ደማ “ኣማኻሪ ሃገራዊ ድሕነት ቀዳማይ ሚኒስተር” ኮይኑ ዘገልገለ ኣቶ ገዱ፡ ድሕሩ ብዝተፈጥረ ፖለቲካዊ ጽርዒ፡ ካብ ኢትዮጵያ ወጺኡ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ’ዩ ዝነብር ዘሎ። ነቲ ስሙ ከም ምኽርኻ ብምጥቃስ ዝተዋህበ ጠቕነ ደማ፡ “ከማኻ ምስ ሓቂ ዝተባእሰ ምኽሪ ክትመርጽ ነይሩካ። ኣነ ግን ከማኽር እንተኾይነ፡ ንታሪኽ ዝተርፍ’ዩ፡ እቲ ሓቂ’የ ከማኽር” ክብል ብዘኾሰሙ መንገዲ ምላሽ ሂቡሉ’ሎ።

**ኣቶ ገዱ ኣንዳርጋቸው**

“ብቐዳምነት፡ ኩናት ትግራይ ድሕሪ ምጅማሩ፡ ኣነ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ከም ዝነበርኩ ናይ ተቓውሞ መልእኽትኻ ሒዘ ናብ ኤርትራ ከም እተለኣኽኩን ኣምሲልካ ኣብ ናይ ፓርላማ መደረኻ ዝገለጽካዮ፡ ወጹእ ሓሶት’ዩ። እዚ ቅሉዕ ቅጥፈት ከም ዝተኸሰ ኣነ ጥራይ ዘይኮንኩ፡ ንሰኻ ባዕልኻ’ውን ሓሶት ወለፈ ኮይኑካ ኑ ብሓደሽ መልክዕ ክትፍጽሞ ዝወጠንካዮ ናይ ጥፍኣት ፕሮጀክት ህዝቢ ኣደናግርካ ክትረኽበን ይጠቕመኒ’ዩ ኢልካ ሓሲብካ እንተዘይኮይኑ፡ ክልቲኡ ጉዳያት ንማገም ፖለቲካ ኢትዮጵያ ዝከታተል ብሩህ’ዩ። ኣነ ካብ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ዝተቐየርኩ፡ ጸገሕ ምጅማር ኩናት ትግራይ ማለት 25 ጥቅምቲ 2013 (ብኣቆጻጽራ ኢትዮጵያ) እዩ። መቸም፡ እዚ ትርእዮ ኢኻ ኢሉ ዝጥርጥር የብሉ ጥራይ’ዩ። ሕጂ’ውን ኣብ ልዕሊ ህዝብን ሃገርን ክትፍጽሞ ዝወጠንካዮ ጥፍኣት ሃልዩ ንምውቓዕ ክትጥቀመሉ ዝደለኻ ነገር እንተዘይሃልዩ ናተይ ናይ ወጻኢ ጉዳይ ሚኒስተርነትን ናይ ኤርትራ መኸድን ፍጹም ዘራኽብ የብሎምን።”

ኣቶ ገዱ ኣየዚቡ፡– “ኣብ’ቲ ናይ ፓርላማ ዘርብካ ንእሾቶ ሓቅታት ዘለዎ፡ እቲ ናተይ ናብ ኤርትራ ምኻድ’ዩ። እቲ ዕላማ ብልክዕ’ኺ እንተዘይዘክርኩዎ፡ ኣብ ፈለማ ጥሪ 2013 (2022 ዓ.ም)፡ ምስ ሓደ ብዓል-ስልጣን ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ፡ መልእኽትኻ ናብ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ከብጽሕ ልኢኽካኒ። ንጸባሒቱ ደማ ንእሾቶ ናይ ኮንትራት ነፋሪት ገይረ ኣስመራ በጺሐ ተመሊሰ። ትሕዝቶ ናይ’ቲ መልእኽቲ ናብ መራሕቲ፡ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ምስጋና ንምብጻሕ፣ ከምኡ’ውን ሰናይ ዝምድና ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘደልዩ ናይ ወጻኢ ሓይልታት፡ ብመገዲ ዝተፈላለየ ኣህጉራውያን ውድባትን ሚድያታትን ምስ ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላት ብምትሕሓዝ ሰፊሕ ናይ ጸለመ ዘመተ ከፊቶምልና ስለዘለው፡ ብሓባር ንምክልኻሉን ንምምካቱን ዘኽእል ሓሳብ ንምትሕልላፍ እምበር፡ ክሲ ይኹን ኣቤቱታ ንምቕራብ ኣይነበረን። ኣብ’ቲ ኢጋጣሚ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ዝተዛረቦ እንተነይሩ፥ ‘ዝደለ. ጥንቃቐ ክግበር፡ ኩሉትና ንታሕተዎት ጸፍሒታት መምርሒ ክንመሓላልፍ፡ ብዝተረፈ፡ ኣሃን ኣቢ.ን ብዝተሰማማዕናዮ መሰረት፡ ገና ብዙሕ ዝስራሕ ዕዮ ኣሎ።’ ዝብል’ዩ ነይሩ። በዚ ደማ ዝርርብና ብጽቡቕ ናይ ምርድዳእ መንፈስ ዛዚምና ናብ ሃገርና ተመሊስና። ንጸባሒቱ ሰልኪ. ደዊለ ብዛዕባ’ቲ ምስ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ዝነበረና ርክብ ጸብጺበ ኣቕሪበልካ። እዚ ዝፈልጦ ሓቂ እዚ’ዩ።” ክብል ኣጺሩ።

**ኢትዮጵያዊ ጋዜጠኛ**

“ብሓሶት፡ ምድንጋር፡ ጃህራን ፈኸራን ዝተሰነየ ወዕሎ ኣቢ. ኣሕመድ ኣብ ፓርላማ፡ ሓደሽ ነገር ዘይብሉን ዘይቅርዑይን ኮይኑ፡ ከም’ቲ ልሙድ’ዩ ተዛዚሙ። ብሽኣት ሰላምን ፍርሃን ተዋሒጡ ምህላው፡ ካብ ኩነታቱ ብቐሊሉ ምግንዛብ ይከኣል። ናይ ሎሚ ሓሶት ብፍላይ፡ መዳርግቲ ዘይብሉ’ዩ። ኣቢ. ብዛዕባ ዕቤት ቁጠባ ኢትዮጵያ ዝልዓሎ ምስ እንርኢ፡ መቓልሕ ናይ’ቲ ለቐታ ሓሶቱን ባዶሽ ዲስኩሩን ምኻን ማለት ስለዘኾነውን ምግዳፉ ይምረጽ። ምኽንያቱ ክንዲ ፍረ ኣድሪ ሓቅታት ስለዘይርከቦ። ብኣንጻሩ፡ ኑታ ሃገር ናብ ዝኸፍአ ድቐት ይሸማ ምህላው፡ ኣብ ባይታ ዘሎ መርትዖታት ዝምስክሮ’ዩ። ካልእ ምውሳኽ ኣየድልን። እቲ ብዛዕባ ኤርትራ ዘልዓሎ’ውን እንተኾነ፡ መዳርግቲ ዘየርክቦ ኩሓዲ ምኻኑ ንዘፈልጥ፡ ብዙሕ ዘስደምም ጉዳይ ኣይኮነን። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ንትምህርቲ ምስ እዮብ ምትእስሳር ከም ዘኽእል፡ ኣብ’ዛ ዓለምና’ውን ንክሕደት ካብ ኣቢ. ኣሕመድ ንላዕሊ ዝገልጾ ሰብ ክህሉ ኣይክእልን። ኩታ፡ ክሕደት መግለጺት መንኩ’ያ። ኣብ ዝሓለፈ 8 ዓመታት፡ ኣቢ. ተደጋጋሚ ክሕደት’ዩ ፈጺሙ። ተዘርዚሩ ዝውዳእ ኣይኮነን። ‘ብኤርትራን ብሌን ዓይነይን ዋዛ የለን’ ዝበለና፡ ባሉ ኣቢ. ኣሕመድ’ዩ። ኣብ መንጎይን መንኮ ፕረዚደንት ኢሳይያስን ንፋስ’ኳ ክኣቱ ኣይክእልን’ዩ፣ ንኤርትራ ከማንተላ’የ፣ ኤርትራ እንተዘይትህሉ ነይሩ፡ ኣብ ልዕሌና እንታይኮን ምወረደ? ብምባል ፓርላማ ብጣቕዒት ከም ዝናወጽ ከም ዘይገበረ፡ ሎሚ ኣንጻር ኤርትራ ከምራ ሓሶት ምዝራብ ንመን ንምእማን’ዩ?”

**ኢትዮጵያዊ ናይ ፖለቲካ ተንታኒ**

“ትማሊ ዝተዛረቦ ሎሚ ዘይደግም፣ ኣብ’ዩ መድረኹ ቅጥፈታትን ሓሶትን ክደርደር፡ ቅድሚ ሕጂ ዝተዛረቦ ሎሚ እናፍረሰ፡ ዝሰምዑ፣ ዝገንዘቡንን ዘመዛበሉን ዜጋታት እንታይ ኩን ይብሉ? ኢሉ ዘይሓስብ’ዩ። ዓበይቲ ሓሶታት ምሕሳው፣ ዓበይቲ ክሕደታት ምፍጻምን ዕለታዊ ምጭውባርባርን ስርሒይ ኢሉ ዝሓዘን ካብ መንግስታዊ ስርዓት ዝወጸን ናይ መውዳእታ ወርደተኛ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ መንበር ስልጣን ዝተኸሰተ ዘሎ ኣይመስለንን። ነፍሲ-ወከፍ ናይ ኣደባባይ መደረታቱን ናይ ፓርላማ ውዕሎኡ፡ ቀንዲ መለለዩኡ - ሓሶት፡ ክሕደትን ነውርን’ዩ። ዝ. ኣረሜን ሽፍታ ንምግላጽ ቃላት ይሓጽሩኒ።”

**ሓደ ኢትዮጵያዊ ምሁር**

“ኢትዮጵያ ኣብ ኩናት ሓድሕድ ክትኣቱ መንገዲ ኣብ ምጽራግ እኛም ኣንዝከ ሓለፍት ዝስከም ኣቢ’ዩ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት በትረ ስልጣኑ ንምጽናዕ ኑቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዝተኸስተ ፖለቲካዊ ምጥርጣር ጨወዩ ቀላሲ ናይ’ቲ ዝተፈጥረ ፖለቲካዊ ቅልውላው ብምዃኑ ንኢትዮጵያ ኣብ ተደጋጋሚ ወሽጣዊ ግጭት ከምእትሽመም ዝገበረ’ዩ። ዘፅምዖ መደረታትን በዙን ዝቈጻጸረን ማዕከናት ዜና ዝጋዋሕ መርዛም ትሕዝቶን ዘካይዶ ቀጻሊ ፕሮፖጋንዳን ዝ. ዘረጋግጽ’ዩ። እዚ ሃዋህው’ዚ፡ ንህዝባዊ ናዕቢ ዝደፋፍእ ጥራይ ዘይኮነ ፖለቲካዊ ቅቡልነት ክረክብ ባይታ ኣጣጢሑ’ዩ። እቲ ሓቂ እዚ ስለዝኾነ ሕጂ ከም ጲላጦስ ኢዱ ክሓጽብ እንተፈተነ፡ ካብ ሓላፍነትን ተሓታትነትን ከምልጥ ክኢሉ ኣይክእልን’ዩ።”

# ሓጺር ዝኽሪ ህይወት

## ገዲም ተጋዳላይ ኩለኔል ተስፋብርሃን ባህልቢ (ወዲ ቀሺ) ኣብ ስነስርዓት ቀብሩ እተነበበ

እንሆ ሎሚ ዝ. ብማስዋእቲ ዝፍለየና ዘሎ ሓርበኛ ተጋዳላይ ብጻይ ኩለኔል ተስፋብርሃን ባህልቢ (ወዲ ቀሺ) ከሉኡ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ጸጸራት ተኣኪብና ኣለና። ኣብ ከምዚ ዓይነት ኣጋጣሚ’ዚ ኑቡስና ብስምዒት ሓበንን ሓዘንን ከውረር ባህርያዊ እዩ።

ንሕበን! ስውእ ኩለኔል ተስፋብርሃን ክሳዕ’ታ ናይ መውዳእታ ትንፋሱ ዝሓለፈትላ ህሞት፡ ብልዑል ንቕሓትን ወፈን ንሃገሩን ህዝቡን ብዘውፈይኖ ዝገልገለ ሓርበኛ ብምዃኑ፡ ንሓዘን ደማ ወዲ ቀሺ ንሓዋሩ ይፍለየና ስለዘሎ።

ስውእ ኩለኔል ተስፋብርሃን (ወዲ ቀሺ) ካብ ኣቦኡ ቀሺ ባህልቢ ዑቕባገርገስን ኣዴኡ ወይዘሮ ኣውዓሎት ገብረሚካኤልን ኣብ ጥሪ 1957፡ ኣብ መበቆል ዓዱ ደቂ ዘርኣ፡ ንኡስ ዞባ ዓዲ ተከለዛን፡ ዞባ ዓንሰባ፡ ተወሊዱ፡ ኣብ ሕቐፌ ወለዱ ዓብዩ። ዕድመኡ ንትምህርቲ ምስ ኣኸለ ደማ ኣብ ገሸናሸም ዓዲ ተከለዛንን ናይ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ትምህርቱ ተኸታቲሉ። ድሕሪኡ ኣብ ኣስመራ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ 2ይ ደረጃ ቀዳማዊ ሃይለ ስላሰ (ናይ ሕጂ ቤት ትምህርቲ ቀይሕ ባሕሪ) 9ይን 10ይን ክፍሊ ተማሂሩ።

ኣብ መፋርቕ ሰብዓታት ኣብ ናይ ንእስነት ዕድመኡ፡ ሰውራ ኤርትራ ካብቲ ንዊሕ እዋናት ተደሪቱ ዝነበረ በረኻታት ባርካን ሳሕልን ፈንጢሱ፡ ናብ ከበሳታት ኤርትራ ክዝርጋሕ ስለዝጀመረ፡ ወዲ ቀሺ’ውን ከም ኩሎም ናይ ሻቡ መንእሰያት ብዝረርታ ገድሊ ተጸልዩ ትምህርቱ ኣቋሪጹ ንዓዱ ደቂ ዘርኣ ተመሊሱ። ኣብ ማሕበር መንእሰያት ተጋደልቲ ሓርነት ኤርትራ (ተሓኤ) ተወዲቡ ደማ ገድላዊ ህይወት ናተይ ኢሉ ተተሓሒዙዎ።

ኣይጸንሐን፡ ብልሒን ወፈን ዝተዓደለ ወዲ ቀሺ ኣብ ምንቅስቓስ መንእሰያት ኣብ ዓዱ ጥራሕ ከይተሓጸረ፡ ኣብ ከበሳታት ደምባዛን እናተንቀሳቐሰ መሪሕ ተራ ክጻወት ስለዝጀመረ፡ ናብሪኡ ካብ ናይ ተጋደልቲ ዘይፍለ እናኾነ ከደ። ኣብ 13 ለካቲት 1976 ከኣ ምሉእ ግዜኡን ህይወቱን ንህዝቡን ሃገሩን ከወፊ ኣብ መሳርዕ ተሓኤ ተጸንበረ።

ስውእ ኩለኔል ተስፋብርሃን ክሳዕ 1981 ኣብ ዝነበረ ግዜ ኣብ በበይኑ ኣሃዱታት ተሓኤ፡ ካብ ተራ ክሳብ ኮሚሳር ሓይሊ ተመዚዙ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ውግኣት ተዋጊኡን ኣዋጊኡን። ድሕሪ ምብትታን ተሓኤ፡ መሰረታት ተጋደልትን ካድረታትን ኣብ ዘጠኑዎ ደምክራሲያዊ ናይ ተቓውሞ ምንቅስቓስ ሓደ ካብ ወደብቲ ብምዃን ተሳቲፉ። ኣብ ተሓኤ ማእከላይ መሪሕነት (ሳግም) ከኣ ክሳብ ወሀደት ናይቲ ውድብ ምስ ህዝባዊ ግንባር ማለት 2ይን ሓድነታውን ጉባኤ 1987፡ ብደረጃ ማእከልነት በጦሎኒ ኣብ ግንባር ሓልሓል ተጋዲሉ።

ንክልተ ዓመታት መመላእታ ድሕሪ ዝተኻየደ ጸንክርን ዝተሓላለኸን ወሽጣዊ ቃልሲ፡ እቲ ናይ መሰረታት ምንቅስቓስ ኑቡሱ ወዲቡ ዕላማኡን ፕሮግራሙን ኣፊሩን ምስ ህዝባዊ ግንባር ብምስምማዕ ቃልሱ ንምቕጻል ናብ ሜዳ ኤርትራ ብዮምም ኣብ ዝተመለሰሉ ታሪኻዊ ፍጻመ ወዲ ቀሺ ልሉይ ተራ ዝጻወተ ሓርበኛ ተቓላሳይ እዩ። ድሕሪ ወሀደት ናይቲ ውድብ ምስ ህዝባዊ ግንባር ድማ፡ ወዲ ቀሺ ክሳብ ሓርነት መላእ ሃገርና ኣብ በበይኑ ክፍላተ-ሰራዊት ብደረጃ ማእከልነት በጦሎኒ ቃልሱ ቀጺሉ።



ሓርበኛ ተጋዳላይ ተስፋብርሃን ባህልቢ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ፡ ኣብ ተሓኤ እንክሎ ጀሚሩ፡ ኣብ ሳግምን ኣብ ህዝባዊ ግንባርን ኣብ ብዙሕ ንኣሽቱን ዓበይትን ውግኣት ተሳቲፉ እዩ። ቀንዲ ካብኡ፡ ኣብ 1978 ውግኣት ከበቢ ኣስመራን ግንባር መረብን፡ ኣብ 1985 ኣብ 8ይ ወራር (ወፍሪ ባሕሪ ነጋሽ) ኣብ ግንባር ሓልሓል፡ ኣብ 1988 ኣብ ግንባር ናቕፋ ኣብ ስርሒት ምድምሳስ ናደው እዝ፡ ድሕሪ ስርሒት ፈንቅል ደማ ኣብቲ መሪር ምርብራብ ግንባር ጊንዳዕ ርእሲ ዓድን ዓዲ ሮሶን ከምኡ ድማ ኣብ ግንባር ደቀምሓረን ዛዛሚ ውግእ ንመላእ ሓርነትን ብትብዓት ተዋጊኡን ኣዋጊኡን። ኣብዚ ኣንጻር ሰራዊት መግዛእቲ ዝተኻየደ ብዙሕ ውግኣት፡ ከምኡ’ውን ኣብ ኩናት ሓድሕድ ብጻይ ተስፋብርሃን ኣብ ዝተፈላለየ ኣካላቱ ሓሙሽተ ግዜ ከቢድን ፈኲስን መውጋእቲ ኣጋጢሙዎ።

ድሕሪ ናጽነት ብጻይ ተስፋብርሃን ኣብ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ብማዕርግ ኩለኔል ብደረጃ ማእከልነት ብርጌድን ክፍሊ-ሰራዊትን ተመዚዙ ሃገራዊ ተልእኾኡ ብጽንዓትን ጅግንነትን ዝፈጸመ ወፋይ ብጻይ እዩ። ካብ 1998 ክሳብ 2000 ንዝተኻየደ ወራራት ወያነ ኣብ ምምካት፡ ኣብ ግንባራት መረብ-ሰቲትን ጾሮናን ተሰሊፉ ብጅግንነት ተዋጊኡን ኣዋጊኡን።

ወዲ ቀሺ ኑብሱ ከማዕብልን ዝተኸልከሎ ዕድል ትምህርቲ ክረክብን ዘይተሓለለ ጻዕሪ ዘካይድ ዝነበረ ህርኩትን ፈታውን ፍልጠትን ብጻይ እዩ ነይሩ። ከም ውጽኢቱ ድማ ድሕሪ ናጽነት ሰሩዕ ናይ 2ይ ደረጃ ትምህርቱ ተኸታቲሉ፡ ብሰርቲፊኬት ተመሪቑ።

ሓርበኛ ስውእ ተስፋብርሃን ባህልቢ፡ ትኩር፡ ኣብ ጸንክር ኩነታት ሚዛኑ ዘይስሕት፡ ፈቃር፡ ተዋዛዪ፡ ሓላዪን ሓብሓብን ብጹቱ ከም ዝነበረ መቓልስቱን ናይ ቀረባ ፈልጦቱን ይምስክሩሉ።

ገዲም ተጋዳላይ ተስፋብርሃን ባህልቢ (ወዲ ቀሺ) ብዝሓደሮ ሕማም ኣብ ወሽጢ ሃገርን ኣብ ወጻእን ኩሉ ዝከኣል ሕክምናዊ ክንክን ክግበረሉ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ብ17 ጥሪ 2026 ኣብ መበል 69 ዓመት ዕድመኡ ኣብ ሮማ ዓዲ - ጣልያን ተሰዊኡ።

ገዲም ተጋዳላይ ስውእ ተስፋብርሃን ባህልቢ ብዓል ሓዳርን ኣቦ ክልተ ደቂን እዩ።

እንሆ ድማ ስነስርዓት ቀብሩ፡ ሎሚ ሰኑይ 09 ለካቲት 2026 ልክዕ ፍርቂ መዓልቲ፡ ላዕለዎት ሓለፍቲ መንግስትን ግንባርን፡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል፡ ከምኡ ድማ ኣዝማዱን ፈተውቱን ፈለጥቱን ኣብ ዝተረኽብሉ፡ ክቡር ብዘለዎ ኣገባብ ተፈጺሙ ኣሎ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል ብማስዋእቲ ሓርበኛ ኩለኔል ተስፋብርሃን ባህልቢ (ወዲ ቀሺ) ዝተሰመዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ ንስድራቤቱ መቓልስቱን መሳርሕቱን ጽንዓት ይምነ።

**ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታት!**
**ዓወት ንሓፋሽ !**

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጺ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም · ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ · ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጺ. 1284

# ዓለማዊ ዛዕባ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት

ታደሰ ተኽለ

## ኣመጻጽኣ 'ኢትዮጵያ' ዝብል ሓድሽ ስም ኣቢሲንያ

Redseabeacon.com
2 ለካቲት 2026
ብደሺድ የህ

ኣብ ፖለቲካዊ መድረኻት ኣፍሪቃ፡ ሓዳስ ኢትዮጵያ ንዘተማስረተትሉ ናይ ፈጠራ ታሪኽ ዝዳረግ ጨረሱ ኣየርከበን። ናይ 19 ክፍለ ዘበን ካርታታት ብዘቐወላውል 'ኢትዮጵያ' ዝበሃል ሃገር ከም ዘይነበረ ኣጸፊርም እየም ዘረድኡ። ኣብ በረኸቲ ሰፍራታት ዝተደኮኑት መበዝሕትኦም ኣምሓራን ተጋሩን ብዘኾኑ ኣርካናት እትመሓደር ኣቢሲንያ ከም ዝነበረት እዩ ዝፍለጥ። ናይዛ ሕጂ ኢትዮጵያ ዶብት ካብ ጥንቲ ብዘይምቅራጽ እናተሰጋገረ ዝመጸ ኣረታዊ ዘይኮነ ዝኾነ ደጋፊ ጽሑፍ ታሪኽ ዘይብሉን እዩ። ዶብት ሓዳስ ኢትዮጵያ፡ ኣብ መወዳእታ 19ን ኣብ ምጅማር 20 ክፍለ ዘበንን (ኣስታት ቅድሚ 150 ዓመት) ብሃጼያዊ ወራራት ብፍላይ ብዓምፃዊ ምኒልክ ቀዳ. እናሓዘ ዝመጸ እዩ። ሓዳስ ኢትዮጵያ መቓጸልታ ናይ ጥንታዊት ሃገር ዘይኮነትስ ብናይ ልቓሕ ታሪኽ ዝተገልበጠት ኣብ ቀረባ ግዜ ዝተደኮነት ሃገር እያ።

ኢትዮጵያ ዝብል ስም ከም መጸወዲ ሃገር ብምቕያር፡ ኣቢሲንያ ከም ጉልባብ ጥንታውነት ታሪኽ ክትጥቀመሉ ጸኒሓ እያ። እታ ሃገር 'ኢትዮጵያ' ብዝብል ስም ኣብ ቅዱሳን መጻሕፍቲ ዝተጠቕሰ ታሪኽ ከም መቓጸልታ ናይዛ ሕጂ ዘላ ሃገር ከም ዝኾነ፡ እታ ሃገር ኣረታዊ ክብሪ ዘለዋ ከም ዝኾነት፡ ዝመናት ዓሚቕ ስልጣኔ ዘቝጸረ መንፈሳዊ ተፈራሕነት ከም እትውንን ክትጅምር ጸኒሓ እያ። ነቲ ቅድሚ ሓደት ወለዶታት ዝተደኮነትሉ ወራራት ብመንፈሳዊ ጽሑፋት ኣጎልቢባ ነቲ ንግስነታት ከኣ ንወለዶታት እናተወራረሰ ዝመጸ ከምዝኾነ ትገልጽ።

እዚ ሓሶትዚ ንኽሰሕድ ምኽንያት ካብ ዝኾና ሓደ ጃኢ ፖለቲካዊ ኣቀማምጣ ሃገራት ኣፍሪቃ ብዕዳዊ መግዛእቲ ስለ ዝተዘራረገ እዩ። ኤውሮጳውያን ናብ ኣህጉርና ቅድሚ ምምጻኦም ኣፍሪቃ ናይ ታሪኽ ድኽነት ኣይነበራን። ንህዝቢ ባህላዊ ዶባታን ንሓያሎ መዋእላት ጠሚሩዋ ዝጸንሐ ስርዓታት ብዘይተረድኡ ኤውሮጳውያን ግዝኣት እዩ ተበታቲኑ። ምስቲ ቅድሚ ኤውሮጳውያን ምምጻኦም ዝነበረ ዘይመሳሰል ሰብ ሰርሖ ሃገራት ድማ ማሰራቶም። ኣብዚ ግዜ እዚ ዘለዋ ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ባህርያዊ መቓጸልታ ናይ ጥንታዊ ያታዊ ማሕበረሰብ ኣይኮናን። እናተመርጸ ካብ ዝተጉድጎደ እርደራይ ታሪኽ ዝተደኮና ባዕዳዊ መግዛእቲ ዝሓደገን ቅርስታት እየን።

ሃገራት ኣፍሪቃ ካብ መግዛእቲ ናጻ ክወጻ ከለዋ ኣጸጋሚ ምርጫ እዩ ኣጋጢሙወን። ኣብ ሓቀኛ ታሪኽ ዝተመርኮሰ ያታዊ ዶብት ብምቕላዕ ሕንፍሽፍሽ ምልእቲ ኣህጉር ምፍጣር ወይ ብዕዳውያን ግዝኣት ዝተሓንጸጸ ዶብት ብምዕቃብ ንሓሶት ምድልዳል። ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ኣብ ክንዲ ሕንፍሽፍሽ ምፍጣር ባዕዳውያን ግዝኣት ዝበደፍዎ ዶብት ምቕባልን ከም ዘለዎ ምኽሪጋርን መረጸ። ዘይተፈትሑ ናይ መንነት ሕቶታት፡ ናይ ግዝኣት ክርክራት፡ ናይ ይብጻሓኒ ክትዓትን ከኣ ቀጸሉ። ኢትዮጵያ ከኣ እዚ ኩነታት ኣጸቢቓ መዝሚዛቶ። ኣቢሲንያ፡ ሕምብርቲ ጥንታዊ ታሪኽ ኣፍሪቃ ከምዝኾነትን ካልኦት ብዙሕ ታሪኻዊ ግደ ከም ዘይብሎምን ብምንእኣስ፡ ንጦጣን ምልኪን ዓብላልነትን ዘደልድል ሰንሰለታዊ ሓሶታት ክትፈጥር ጸኒሓ። ጽውጽዋያዊ ታሪኽ፡ ተቓውሞ ዝሕምሽሽሉን ሃጼያዊ ሓይሊ ዝድልድሉን ኣጽዋር ፖለቲካ ኮይኑ።

ከም መርኣያ ናይዚ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዘሎ ኩነታት ምስ እንዕዘብ ዘጓርጽ ዕጥቃዊ ግጭት፡ ዝተበታተነ ማሕበረሰባት፡ ንሓሶት ከም ሓቂ ንምድልዳል ንወለዶታት ዝተኸፍለ መስዋእትነት ምኻር እዩ። ኣፍሪቃውያን ንሓድሕዶም ዝቃተሉ ብታሪኻዊ ጽሑፍቶ ዘይተኣስ ዝተጠማዘዘ ታሪኽ ሓሶት ሓቂ ንምልባስ ኣብ ዝገበር ፈተነ እዩ። ሓደስቲ ሃገራት ኣፍሪቃ ኣብ ዝተሰርቀ ታሪኽ ክምስረታ ኣብ ዝፍትናሉ ግዜ ዘጓርጽ ግጭት ከም ዝለዓለ ኢትዮጵያ ክትኣምነሉ ዘይክኣለት ሓቂ እዩ። ፖለቲካዊ መሸፋፈኒ ካብ ታሪኽ ከይተቐንጠጠ፡ ወረር ማለት ወረር ምዃኑ ከይተኣምነ፡ ጽውጽዋይ ከኣ ከም ጽውጽዋይ ከይተኣምነ ክሳዕ ዝቕጽል እዚ ዞባ ካብ ዓንኬል ዓብላልነትን ካብ ኣርዑት ዓብላልነት ናጻ ንምፍኳን ካብ ዝኾነ ተቓውሞን ክርርፍ ኣይክእልን። ኢትዮጵያ፡ ዘይሓለፈቶ ጥንታዊ ታሪኽን ጽሑፍ ዛንታ ካልኦት ህዝብታትን ብምስራቕ ሕጋውነት ክተረጋግጽ ኣይትኽእልን እያ።

ኣብ ከበ. 1870 ክሳብ 1900 ኣቢሲንያ ዓበይቲ ወራራት ብምክያድ ብዙሕ ህዝብታት ዝሓቘፈ ሰፊሕ ቦታታት ናብ ግዝኣታ ጠቕለለ። ኣብ ከበ. እዚ ግዜ እዚ ድማ፡ ኣብቲ ዞባ ዝዓበየን ብምዕቡል ስርዓት ሕጊ እንዳባ 'ገዳ' ዝመሓደርን ብሄር ኦሮሞ ተሳዒሩ ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ሃጼያዊት ኣቢሲንያ ኣትዩ። ኣብ ሲዳማ ዝነበራ ናጻ ንግስነታት ካብ 1891 ክሳብ 1894 ብወረር እናተደምሰሳ ናብ ግዝኣት ኣቢሲንያ ተጠቕለላ። ኣብ ደቡብ ኢትዮጵያ ዝማዕበለ ውዱብ ስርዓት ምሕደራ ዝነበረን ንግስነታት ወላይታ ብዙሕ ህዝቢ ዝለቐሉ ከቢድ ምክልኻል ክንብራ ድሕሪ ምጽናሕ ኣብ 1894 ተሳዒረን ናብ ትሕቲ ግዝኣት ኣቢሲንያ ኣተያ።

ኦጋዴን እናተባህለ ዝጸዋዕ ቋንቋ ሶማል ዝዛረቡ ህዝብታት ዝሰፍሩሉ ሰፊሕ ዞባ ኣብ መንጎ 1887 ክሳብ 1897 ብዝተኻየደ ወተሃደራዊ ወፈራታት ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ኣቢሲንያ ኣትዩ። ብስልጣናት ዝመሓደራ ኢማራት ዓፋርውን ክሳዕ ዝሓቀ በብቑሩብ እናተዋሕጠ ክሳብ 1900ታት ብኣቢሲንያ ከም እተዓብለለ ይፍለጥ። ብንግስነታት ዝመሓደራ ኣብ ደቡብን ምዕራብን ዝነበራ ከም ከፈቾ፡ ጋሞ፡ ሃዲያ፡ ጉራጌን በኒቸን ዝኣመሰለ ብሄራት ኣብ ዝተሃገረ መሬቶም ተወፋሮ ኮይኖም ኣሰቦዳድ ግብሪ ንግዛእቲ እናኸፈሉ ኣብ ትሕቲ ስርዓት ሃጼይት ኣቢሲንያ ኣትዮም።

ኣቢሲንያ፡ እዚ ኩሉ ወራራት ከተካይድ ወሰናት ጥንታዊ መንግስቲ ንምጽናዕ ኣይነበረን። ማዕረ ማዕረ እቲ ኤውሮጳውያን ዘካይድዎ ዝነበሩ ባዕዳዊ ግዝኣት ናይ ምስፋሕ ቅድድም ዝኸይድ ወራራት እዩ ነይሩ። ኣቢሲንያ ግና እዚ ባዕዳዊ ምስፍሕፋሕ መቓጸልታ ጥንታዊ ሃገራዊ ሓድነት ክትብሎ ከም ዝጀመረት ይፍለጥ።

ካልእ ኣገዳሲ ጉዳይ 'ኣቢሲንያ' ዝብል ስም ናብ 'ኢትዮጵያ' ዝብል መጸወዲ ዝተቐየረሉ ማሳርሕ እዩ። ኣብ ጥንታዊ ታሪኽ 'ኢትዮጵያ' እናተባህለ ዝጽዋዕ ሰፍራ እዚ 'ኣቢሲንያ' ዝበሃል ቦታ ኣይኮነን። ብጥገሽ ኣብ ዝተጻሕፉ ጥንታዊ ሰነዳት 'ኢትዮጵያ' ተባሂሉ ዝጽዋዕ ብኣብራይስጥ ኣብ ዝተጻሕፉ ቅዱሳን መጻሕፍቲ ከኣ 'ኩሽ' ዝበሃል ሰፍራ ብሓርፋፍ ኣብ ናይ ሎሚ ሱዳን ካብ ኑባ ክሳብ ደቡብ ግብጺ ዘሎ ሰፍራ ይኾኑ እምበር፡ ምስ ጸልሚ ሕብሪ ንዝተተሓሓዘ ሰፊሕ ክፋል ኣፍሪቃ እውን ከውክል ይኽእል እዩ። ኣብ ጥንታዊ መጻሕፍቲ ዝጥቀሱ ነገስታት ኢትዮጵያ (ኩሽ) ጨሪሶም ናይ ኣኽሱም ወይ ናይ ኣቢሲንያ ኣይኮኑን። መጻሕፍቲ ታሪኽ ብምግንዛል ምርግጋጽ ይከኣል። ስለዚ ኣብዚ እዋን እዚ ዘላ ሓዳስ ኢትዮጵያ መቓጸልታ ናይታ ጥንታዊት ኢትዮጵያ ክትመስል እንተፈተነት እኳ ብታሪኽን ብኣቀማምጣ መሬትን ክጥጠም ኣይክእልን።

## ናይ ልቓሕ ታሪኽ ዘስዕቦ መዘዛት

ኣብ 1935 ኢጣልያ ናብ ልዕሊ ኣቢሲንያ ወረር ክተካይድ ከላ እኳ ብዓለምለኸ ደረጃ ከም ጥንታዊ ሃገር ዘይተኣስ፡ ኣብ ኀብታት ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝተደኮነት 'ኣቢሲንያ' ተባሂላ እትጽዋዕ ንግስነት ከም ዝኾነት እያ ትፍለጥ ነይራ። ኣብዚ ግዜ እዚ ድማ እዩ ብሪጣንያዊት ተጣባቒትን ጸረ ፋሽስት ገስጋሲትን ሰልቭያ ፓንክሀርስት፡ ኤውሮጳውያን ንኣፍሪቃ ክግስሉ ከለው፡ ማዕረኦም ብወራራት ሰፊሕ ግዝኣት ዝጥረየት ኣቢሲንያ ስም ብምቕያር 'ኢትዮጵያ' ተባሂላ ንክትጽዋዕ ክትጽዕር ዝጀመረት። ዘውዳዊ ስርዓት ኣቢሲንያ ከም ኣብነታዊ ተቓዋሚ ሃጼይት ኤውሮጳውያን ብምቕጻር፡ ኣቢሲንያ ስም ቀይራ 'ኢትዮጵያ' ክትብሃል ትደፍእ ነይራ። እዚ ንምልምማድ ድማ "ሓድሽ ዘበንን ዜና ኢትዮጵያን" ዝተባህለ ጋዜጣ መስራታ ትዝርግሕ ነይራ።

ፓንክሀርስት እቲ ሓድሽ ስም ብዓለም ለኸ ወግዕታት እናተለምደ ክኸይድን ኣቢሲንያ ዘይምልከታ ጥንታውን ኣረታዊን ስም ክጡብቃን ጸዒራ ስለጠዋ ከኣ። በቲ ስለ መንነት ኢትዮጵያ እተካይዶ ዝነበረት ገስጋሰት፡ ሃይለስላሰ ናእዳኡ ይገልጸላ ነይሩ። ምስ ሞተት ከኣ ኣብ ኢትዮጵያ ብኽብሪ ከምእትቐበር ተገይሩ።

ኣቢሲንያ ካብ ኀበጣ ኢጣልያ ብሰራዊት ብሪጣንያ ናጻ ምስ ወጸኣት፡ ካብ መስረትቲ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ሓንቲ ብምዃን 'ኢትዮጵያ' ተባሂላ ብደረጃ ዓለምለኸ ኣብ ሕጋዊ መሰርሓትን ትካላትን ክትጸዋዕ ሃይለስላሰ ይጽዕር ነይሩ። እዚ ሓድሽ ስም ኣብ ሃጼያዊ ስልጣኑ ክብሪ ይህልዎ ይኽውን ካብ ዝብል ድፍኢት እምበር እቲ ተዓብለሉ ዝተገዛብጠ ህዝቢ. ባህጊ ኣይነበሮን። ኢትዮጵያ ዝብል ስም ምስ ረዓመ እቲ ዘፋናዊ መንግስቲ፡ ኢትዮጵያ ምስ ዝብል ዝተታሓሓዘ ጥንታዊ ታሪኽን ኣብ ቅዱሳን መጻሕፍቲ ዝተጠቕሱ ዛንታታትን ምስቲ ሓድሽ ስም ተለቒሑ ክጅሃረሎም ጀሚሩ። እታ ሓዳስ ኢትዮጵያ ዝተሰምየት ሃገር፡ እታ ናይ ጥንቲ ዝዘበናት እናተሰጋገረት ዝመጸት ሃገር ከም ዝኾነት ከኣ ክሳዕ ሕጂ ይነገር ኣሎ። ሓዳስ ኢትዮጵያ ግና ኣብ ልዕሊ ጎረባብቲ ንግስነታት ብዝተኻየደ ባዕዳዊ ወራራት ዝተቘርጸት ሃገር እያ።

እዚ ምሒር ዝተጋነነ ትርኻታት ጥንታዊ ታሪኽ ምስ ካልኦት ኣብቲ ዞባ ዘለዋ ሃገራት ኣነጻጺርካ ሓሶት ከም ዝኾነ ምስትብሃል ይከኣል። ንኣብነት ሕጂ ዘለዋ ከም ሰዑዲ ዓረብ፡ ኬንያ፡ ደቡብ ኣፍሪቃን ሕቡራት ዓረብ ኢማራትን ዝኣመሰላ ሃገራት በዚ ሕጂ ዘለወኦ ቅርጺ. ዝተሳእላሉ ጥንታዊ ካርታ የለን። ኣብ ቀረባ ዓመታት ዝተደኮና ሃገራት ምዃነን እውን ይኣምና እየን። ኢትዮጵያ ጥራይ እያ እዚ ምቕባል እትጸገም ዘላ።

ኣብ ዘበን ንግስነት ሃይለስላሰ ዝደልደለ ኣብ ሃይማኖት ዝተመርኮሰ ፖለቲካ ብመጸናዕቲ ንዘዋበር ታሪኻዊ ዳህሳስ ከም ቀንዲ ዕንቅፋት ኮይኑ። ዘበን ስልጣን ሃይለስላሰ ፖለቲካዊ ጥራይ ዘይኮነስ መንፈሳዊ ብጽእና ዝተዋህቦ እውን እዩ ነይሩ። ሃይለስላሰ ንባዕሉ መለኮታዊ ባህርይ ከም ዘለዎ ንኽኣብሱ ይቕጽጸራ ስለ ዝነበረ፡ ኣብ ራእይ ዮሃንስ 5፡5 ዘሎ "ሰዓራይ ኣንበሳ ነገድ ይሁዳ" ዝብል ናይ ክርስቶስ ሽመት ንሱ ከም እተባህለ ብደረጃ መንግስቲ ከም መደልደሊ ሓይሊ ይጥቀመሉ ነይሩ። ክሳብ 1955 ኢትዮጵያ መለኮታዊ ቅብኣት ብዘለዎ "ንጉስ ነጋውሰ" "ሕሩይ ኣምላኽ" ከም እትመሓደር ቅዋም ናይታ ሃገር የረጋግጽ ነይሩ።




ኣብ ከምዚ ዓይነት ስርዓት መንግስቲ ተቓውሞ ምልዓል ማለት ንኣምላኽ ምድፋር ማለት ስለዝኾነ፡ ኣብ ልዕሊ ንጉስ ዝግበር ምትህልላኽ ኣብ ልዕሊ ፈጣሪ ከምእተፈጸመ ማለት ይኽውን። ነቲ ዝመሃዘ ዝነበረ ታሪኽ ብጥርጣረ ምርኣይ ድማ ከም ክሕደት መንግስትን ሃገርን ይረአ ነይሩ።

ኣብ ከምዚ ዓይነት ታሪኽ ከይፍተሽ ኣብ ዝተኸልከለሉ ሃዋህው፡ ጽውጽዋይ ኣብ ልዕሊ ተሓታትነት ዝዓብለሉ ፖለቲካዊ ባህሊ እዩ ዝፍጠር። ሃጼያዊ ስልጣን ምስ ሰማያዊ ስልጣን ዝተኣሳሰረ ኣብ ሕቶ ክቐርብ ዘይክእል ከም ምዃኑ፡ እቲ ዝተማህዘ ጥንታውነት ታሪኽ እውን ከም ዘጠራጥር ሓቂ እዩ ዝቝጸር።

እቲ ዘፋናዊ ስርዓት ምስ ወደቐ እውን እቲ ተቐሪጹ ዝጸንሐ ጽውጽዋያዊ ታሪኽ ከይተኣልየ፡ ብዘለዎ ነቲ ዝቐጸለ ስርዓት መንግስታት ከም መሳርሒ ኮይኑ ቀጺሉ። ወተሃደራዊ ደርግ እኳ ኣብ ማርክስውን ሌኒናውን ክልስ ሓሳብ እናተኣመነ ኢትዮጵያ ምስ መንፈሳውነት ዝተኣሳሰረት ሃገር ከምዝኾነት ዝምስል ቃላት ኣብ መደረኡ ይሰምዕ ነይሩ። ብኤንቨር ሆጃ ናይ ዝምራሕ ተሪር ስርዓት ዲሰኒት ኣልባንያ ሰዓቢ. ዝነበረ ህውሓት፡ ድሕሪ ደርግ ኣብ ስልጣን ምስ ደየበ እውን ፖለቲካዊ ሓይሊ. ክሳብ ዝወሰኽሉ እቲ ልበወለዳዊ ታሪኽ ካብ ምጥቃም ድሕር ኣይበለን። ኣብ ክንዲ ናይ ሓቂ ታሪኽ ድማ ናይ ልቓሕ ታሪኽ ከም መሳርሒ. ስርዓታት እናኾነ ቀጸለ። እታ ሃገር ከኣ ካብ ዓንኬል ወሸጣዊ ኩናት ክትወጽእ ዘይትኽእል፡ ብምምዛብል ህዝባን ዓጸጦ ፖለቲካዊ ቅልውላውን እትፍለጥ ሃገር ኮይና ትቕጽል ኣላ። ኣብ ክንዲ እቲ ጸገም ዝፈጠረላ ዘሎ ኣብ ሓሶት ዝተነድቀ ታሪኽ ምምዕራይ ጸገማታ ብናይ ግዳም ሓይልታት ዝተፈጥረ ከም ዝኾነ እናገለጸት ብቐጻሊ ተሓታትነት ናብ ካልእ ክተራግፍ እያ ትርኣ። ኣብ ትሕቲ ሕጂ ዘሎ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብይ ከኣ እሞ እዚ ኩነታት እዚ እናተጋደደ እዩ መጺኡ። ስነ መለኮትን ሃገራውነትን ዝሓዋወሰ "ወንጌል ብልጽግና" ዝፈጥሮ ትርኻታት ኑታ ሃገር ኣብ ዝርጉት የእቱዋ ኣሎ። ሃይማኖታዊ ቋንቋ ኣብ መዓላ ፖለቲካዊ ኣገልግሎት "ፍሉይነት ኢትዮጵያዊት" ዝብል ሓድሽ መጸወዲ ፈጢሩ "ብረእይ ናብ ዝተገልጸ ፍጻመ" ክትበጽሕ ትደፋእ ኣላ። ሓደሽ ነገር የብሉን፤ ቅድሚኡ ዝነበሩ ስርዓታት ዝተጠቐሙሉ ኣብ ክንዲ ተሓታትነት ኣብ ልበወለድ ዛንታ ዝህሉ ዘሎ ታሪኽ እዩ።

ጸገማት ኢትዮጵያ፡ ሃንደበት ወይ ብጂኦግራፍያዊ ኣቀማምጣ ኣይኮነን ተጋሂዱ። ሓቂ ብጽውጽዋይ፡ ክንዲ ርእሰ ፈተሻ ብርእሰ ውዳሴ፡ ኣብ ክንዲ ቅንዕና ብናይ ልቓሕ ታሪኽ ክትካእ ከሎ ዝረአ ተደጋጋሚ ጸገማት እዩ። መበቆል ጸገም ናይታ ሃገር ወጻኢተኛታት ምትእትታው ስለ ዝነበሩ ኣይኮነን። ኢትዮጵያ፡ ጥንታዊት ሃገር ዘይኮነትስ ኣብ 19 ክፍለ ዘበን ብዝተኻየደ ንጉሳዊ ወራራት ዝተቐርጸት ሃገር ምዃና ክሳዕ ዘይተኣመነት ምስ ነብሳ ኮነ ምስ ጎረባብታ ኣብ ዕርቂ ክትኣቱ ዘይከኣል እዩ።

# ማሕበራዊ ዕብየት

ብምትሕብባር ሚ/ዕ/ማ/ድሕነት ዝዳሎ

## ዜሮ ተጻዋርነት ንምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ

ኣብ ባህሊ ሕብረተሰብ ኤርትራ ኣብ ካልኦት ኣህዛብ ብዙሕ ዘይርአ ከም ህዝቢ እንሕበነሉ ክቡርታት ኣለዉና። ገለ ካብኦም ንዓበይቲ ምኽባርን ኣብ ሽምግልናኦም ምጥዋርን፡ ዝሸኽታማት ምሕብሓብ፡ ፍሕሹው ኣቀባብላ ጋሻ፡ ኣብ ግዜ ሓጎስን ሓዘንን ኣብ ዝግበር ውራያት ምትሕግጋዝ ወ.ዘ.ተ ምጥቃስ ይከኣል። ብኣንጻሩ ካብ ጥንቲ ጀሚሮም ስነ ፍልጠታዊ መረጋገጺ ዘይብሎም፡ ንጥዕና ሃሰይቲ ዝኾኑ ኣብ ልዕሊ ኣደታትን ህጻናትን ዝፍጸሙ ውሑዳት ዘይኮኑ ጎዳእቲ ልምድታት ኣለዉ። ገለ ካብኣቶም ከቢድ ሳዕቤናት ዘኸትሉ ጎዳእቲ ልምድታት፡ ዓንቀር ምኽላእ፣ ምግርናብ፡ ማሕጎማ፡ ምውቃጥ፡ ዓቐኑ ዘይተፈልጠ ካብ ዝተፈላለየ ቆጽለ-መጽልን ካልእን ዝተዳለወ ባህላዊ መድሃኒት ምዝውታር፡ መሰረት ዘይብሉን ነፍሱ-ጾራትን ሓረሳትን ዝሃሰ ብሂላት፡ ሓኪም ዘይፈቱ ሕማም ኢልካ ዝሓመመ ሰብ ሕክምና ዘይምውሳድ፡ ትሕቲ ዕድመ መርዓን ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮን ምጥቃስ ይከኣል። እዚ ካብ ነዊሕ ኣብ ኣእምሮ ህዝቢ ዝተሰረተ ከም ባህሊ ተወሲዱ ክትግበር ዝጸንሐ ስለዝኾኑ ንምውጋዱ ወይ ደው ንምባሉ ቀሊል ዘይኮነ ግዜን ጻዕርን ዝሓትት እዩ። እዞም ልምድታት እዚኦቶም ኣብ ሃገርና ጥራይ'ዮም ዝዘውተሩ ክበሃል ኣይከኣልን። ኣብ ዝተፈላለየ ክፋላት ናይ ዓለም ዘለዉ ሕብረተሰባት በብኽብባኦም ዘጥረይዎም ዝተፈላለየ ጎዳእቲ ልምድታት ኣለውዎም። ከምኡ ስለዝኾነ ከኣ'ዩ ብዓለም ደረጃ መደባት ተታሒዞሎም ንምጥፍኦም ዝሰራሕ ዘሎ።

ብመሰረት ኣብ ሸቶታት ዘላቒ ምዕባለ (SDGs) ሸቶ 5 ዕላማ 5.3 ብኹለን ሃገራት ዓለም ሙብጽዓ ተኣትዩ ዘሎ፡ ኣብ 2030 ምኽንሻብን ምስፋይን ደቂ ኣንስትዮ ንሓዋሩ ንምውጋድ ሃገራት ብምሉእ ዓቕመን ክሰርሓ ከምዘለወን ዘገንዝብ እዩ። ኣብ ሰሙናዊ መጠነ ብምግባር ናይ ለሚ ዓመት ኣህጉራዊ መዓልቲ ዜሮ ተጻዋርነት ንምኽንሻብ ጓል ኣንስተይቲ፡ 'ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ 2030 ከውገድ፡ ዘላቒ ተወፋይነትን ወፍርን የድሊ.' ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ብደረጃ ሃገር ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ን/ዞባ ጎገ ብድምቀ ዝበለ ስነ-ስርዓት ተኻይዱ። ሎሚ ዝበጽሕ እዛ ቴማ ምኽንሻብን ምስፋይን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዝሓጸረ እዋን ምሉእ ብምሉእ ንምውጋድ ካብዚ ዘለናዮ ናህሪ ብዘዓዛፊ ክንሰርሕ ከም ዘድልየና ንምዝኽኻርን መብጽዓና እንሓድሰሉን ኣጋጣሚ እዩ።

ምኽንሻብ ደቀንስትዮ፡ ጾታዊ ኣድልዎ ዝመበገሱ ካብ ግዳማዊ ኣካል መፍረ ጓል-ኣንስተይቲ ብምቑራጽ፡ ብምስፋይ፡ ወይ ካልእ ተመሳሳሊ ኣገባብ ብምጥቃም፡ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዝፍጸም ሱር ዝሰደደ ሃሳዪ ልምዲ እዩ። ምኽንሻብ ጓል ኣንስተይቲ ኣካላውን፡ ስነኣእምሮኣውን፡ ማሕበረ-ቁጠባውን ሃሰያ ብምውራድ ሞት ከስዕብ ዝኽእል ተግባር ምኻኑ ዝተረጋገጸን፡ ብህይወት ናይ ምንባርን ምምዕባልን መሰል ጓል ኣንስተይቲ ዝጻረርን ተግባር ምኻኑ ክፍለጥ ይግባእ።

ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ብርግጽ ኣበይን መዓስን ከም ዝተበገሰ ኣይፍለጥን እዩ። ሓደ ካብቶም ጎዳእትን ዘውቱራትን ልምድታት ኮይኑ፡ ጸብለልትነት ደቂ ተባዕትዮ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዝጀመረሉ ግዜ ከም ዝጀመረ ገኘ'ውን ጸብለልትነት ደቂ ተባዕትዮ ኣብ ዝዕብልሉ ከባቢታት ይቐጽል ከምዝሎ ይሕበር። ብኻልእ ወገን እዚ ተግባር ኣብ ምሉእ ዓለም ይፍጸም ከም ዝነበረን፡ ኣብ ገለ ሰኑዳት 700 ዓመታት ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ይዝውተር ነይሩ ክበሉ እንከለዉ፡ ብፍላይ ናብ ኤርትራ ድማ ካብ ግብጺ ከም ዝመጸን፡ ስለዚ'ዩ ድማ ገለ ሰባት ፎርናዊ ምግራዝ ወይ ምኽንሻብ ዝበልዎ ይብሉ።

እቲ ኣገዳሲ ነገር ግን ምኽንሻብ መዓስ ጀሚሩ፤ ኣበይ ጀሚሩ፤ በየን ኣትዩ፤ ዘይኮነስ እዚ ተግባር'ዚ ኣብ ሃገርና ዝውቱር ምህላዉን ብቀንዱ ንደቂ ኣንስትዮ ግዳይ ዝኹብር፡ ክውገድ ዝግበኦን ተግባር ምኻኑ ብምእማን፡ ንምውጋዱ ድማ ቀጻልን ዝተወሃሃደን ጻዕርን ወፍርን ምኽያድ ከም ዘድሊ ክስመረሉ ዝግባእ እዩ።

ብሰንኪ ምኽንሻብ፡ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዝስዕብ ጥዕናዊ፡ ማሕበረ-ቁጠባውን ስነ ኣምሮኣውን ጸገማት ኣዝዩ ዝሰቅቕ እዩ። ከቢድ ቃንዛ፡ ብርቱዕ መድመይቲ፡ ረኽሲን ምምራዝ ደምን ኣኽቲሉ ናብ ሓደጋ ሞትን ስንክልናን ዘብጽሕ ሓደገኛ ተግባር እዩ። ምኽንሻብን ምስፋይን ዘስዓቦ ብርቱዕ ቃንዛን ድኻምን፡ ኣብ ሃለፍታን ኣእምሮኣዊ ነውጽን ዝወድቃ ህጻናት ደቂ ኣንስትዮ ብዙሓት እየን። ካብ ረኽሲ፡ በሰላ፡ ረኽሲ ስርዓት-ሽንቲ፡ ቃንዛ ኣብ እዋን ጾታዊ ርክብ፡ ብሰንኪ ዝጥቀምሉ ብዝበኡ ዘይመኻኑ መሳርሒታት ምቅላዕ ንኤች.ኣይ.ቪ ኤድስን ካልኦት ተመሓላለፍቲ ሕማማትን ድማ፡ ገለ ካብቶም ብሰንኪ ምኽንሻብ ዝስዕቡ ጥዕናዊ ጸገማት ደቂ ኣንስትዮ እዮም። ብተወሳኺ ረኽሲ ስርዓት መፍረ፡ ነድሪ ጎሎ፡ መኻንነትን ቃንዛ ኣብ እዋን ወርሓዊ ጽግያት፡ ዕጉት ሕርሲን መድመይቲ ኣብ እዋን ሕርሲን፡ እውን ብሰንኪ ምኽንሻብ ዝስዕቡ ከበድቲ ጥዕናዊ ጸገማት እዮም። እቲ ካልእ ጸገም ዝተኸንሸባ ኣደታት፡ ንፊስቱላ ቅሉዓት ምኻነን እዩ። ፊስቱላ ሽንትን ቀልቀልን ናይ ዘይምቁጽጻር ጸገም ክኸውን እንከሎ፡ ኣብ እዋን ወሊድ ብሰንኪ ጸቢብ ዝፍጠር ምቅዳድ ሻምብቆታት ሽንትን ቀልቀልን እዩ። እዚ ሓደጋ ዘጓንፉ ጓል ኣንስተይቲ ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ከም ድልየታ ክትዋሳእ ስለዘጸግማ፡ ማሕበራዊ ተነጽሎ የስዕበላ።

እቲ ዝኸፈአ ከንሸብቲ ሰብ ሞያ ዘይኮና ኑቲ ቅርጻን ኣቃውማን ኣካላት መፍረ ዘይፈልጣ ኣንስቲ'የን። ዝበዝሐ ግዜ'ውን ኣዝየን ብዕድመ ዝደፍኣ ኑቲ ዝቖርጽኦ ኣካል ድማ ዘይርእያኦን ብምኻነን ነታ ትኸንሸብ ህጻን ህይወታ ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ፍጻመ ይኸውን። ብተወሳኺ ንምኽንሻብ ዝጥቀማሉ መሳርሒ፡ ብዝበኡ ዘይመኻከን ንዝተፈላለዩ ረኽሲታት ዘቃልዕን ኣብ ርእሲ ምኻኑ፡ ህጻናት ኣብ እዋን ምኽንሻብ ከይንቀሳቐሳ ብሓይሊ እናተጸቕጣ፡ ኣብ ገለ ከባቢታት'ውን እናተኣሰራ፡ ኣንጻር ወለንታአን ዝፍጸም ልዑል ግህሰት ሰብኣዊ መሰል ጓል ኣንስተይቲ እዩ።

ኣብ ሃገርና ኤርትራ ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ፡ ኣብ ሓራን ሓውሲ ሓራን ቦታታት ኣንጻር ኩሎም ጎዳእቲ ልምድታት እንኮላይ ንምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ንምውጋድ ብህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ይሰርሓሉ ከምዝነበረ ይፍለጥ። ድሕሪ ናጽነት ድማ፡ መንግስቲ ኤርትራ ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ንምውጋድ፡ መደባት ብምስራዕ ኩሎም ኣካላት መንግስቲ፡ ሃገራውያን ማሕበራት፡ ሃይማኖታውያን ትካላት፡ ኣህጉራውያን መሻርኽትን ኮሚትን ከም ዝሳተፉ ብምግባር ወሀድ ዝኾነ ጎስጓሳትን ኣስተምህሮታትን ክካየደሉ ዝጸንሐን፡ ብዓቢኡ'ውን ዓድታት ኩነታተን ንምፍላጥ ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ ብዛዕባ ምኽንሻብ ክካየድ ጸኒሑን ኣሎ።

ብተወሳኺ ኣብ ኤርትራ ንምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ ዝእግድ ሕጊ ከም ዘሎ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ እቲ ኣብ 20 መጋቢት 2007 ብቑጽሪ 158/2007 ዝወጸ ኣዋጅ ምውጋድ ምኽንሻብ ጓል ኣንስተይቲ፡ ከም መቐጸልታ ናይቲ ብሰንኪ ምኽንሻብ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዝወርድ ኣካላውን፣ ስነ-ኣእምራውን፣ ማሕበረ-ቁጠባውን ሓደጋታት ንምውጋድ ክግበር ዝጸንሐ ጻዕሪ ዝወጸ ኣዋጅ እዩ። ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ዝኾነት ጓል ኣንስተይቲ ዝሸንሸበ/ት ካብ 2-3 ዓመት ይእሰር/ትእሰር፡ ወይ ካብ 5000 ክሳብ 10,000 ናቕፋ መቕጻዕቲ ናይ ገንዘብ ይብየነሉ/ላ። እንተደኣ እቲ ምኽንሻብ ናብ ዝበኣሰ ደረጃ በጺሑ ናይታ ግዳይ ሞት ኣስዒቡ እቲ ፈጻሚ/እታ ፈጻሚት ካብ 5-10 ዓመት ይእሰር/ትእሰር። ብተወሳኺ ዝኾነ/ት ጓል ኣንስተይቲ ዘሸንሸበን ዝሓተተን/ትን ኑቲ መስርሕ ኣቕሓ ብምድላው ይኹን ብኻልእ መንገዲ ዝተባበሮን/ትን ካብ 6 ወርሒ ክሳብ 1 ዓመት ማእሰርትን 3000 ናቕፋ ናይ ገንዘብ መቕጻዕቲን ይብየነሉ/ላ።




ካብ መውዳእታ 2017 ጀሚሩ መንግስቲ ኤርትራ ኑተን ብዘናጸል ኣብ ተመሳሳሊ ኣርእስቲታት ማለት ክሽቦ ደቂ ኣንስትዮን መርዓ ትሕቲ ዕድመን፡ ከምኡ'ውን ካልኦት ጎዳእቲ ልምድታትን ምጥፋእ ኣተኩረን ክሰርሓ ዝጸንሓ ትካላት ብምትሕብባር፡ ሓባራዊ መደብ ብምሕንጻጽ ተወሃሂደን ከም ዝሰርሓ ገይሩ። በዚ መሰረት ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን፡ ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ሃማደኤ፡ ትካል ማዕከን ቁልዑ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ትካል ማዕከን ህዝቢ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ብሓባር ዝቐልስኡ ዝተፈላለያ ሚኒስትሪታትን መንግስታውያን ትካላትን ዝሳተፈአ ስራሓት ይሰርሓ ኣለዋ።

ከም ውጽኢት ናይ'ዚ ክካየድ ዝጸንሐ ወሀድን ቀጻልን ጻዕርታት፡ ኣብ'ዚ እዋን ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ብሓፈሻኡ ኣብ ሃገርና ጎዲሉ ምህላዉ ብመጽናዕቲ ዝተረጋገጸ እዩ። ኣብ ሃገርና ኩነታት ምኽንሻብ ንምፍላጥ ዝተገብረ ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ ከም ዝሕብሮ 17 ንኡሳን ዞባታት ናጻ ካብ ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ኮይነን ኣለዋ። ዞባ ዓንሰባ 08 ንኡሳን ዞባታት፡ ኣብ ዞባ ማእከል (05)፤ ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ 02፤ ደቡብ 01፤ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ድማ 01 ዝርከባ ን/ዞባታት ካብ ክሽቦ ደቂ ኣንስትዮ ናጻ ምኻነን ዘኣወጃ እየን። እቲ ጽቡቕ ነገሩ መብዛሕትአን ካብተን መጽናዕቲ ዝተኻየደለን ን/ዞባታትን ንምእዋጅ ዝተቓረባ ምኻነን እቲ ውጽኢት መጽናዕቲ ዘረጋግጾ እዩ። እዚ ዝተረኽበ ዓወት ድማ መርኣያ ናይቲ ክካየድ ዝጸንሐ ወሀድን ቀጻልን ጎስጓሳዊ ስራሓትን ምንቕቓሕን ምኻኑ ምግንዛብ የድሊ። በዚ ዝተረኽበ ውጽኢት ከይተዘናና ምዕሩይነት ብዘለዎ ኣብ ኩለን ዞባታት ሃገርና መለእና ንምውጋዱን ኑቲ ኣብ ሸቶታት ዘላቒ ምዕባለ 2030 ምኽንሻብ ኩብቅዕ ዝተኣትወ መብጽዓ ተግባራዊ ክኸውንን ብዓጸፋ ክንሰርሕ የድሊ።

እምበኣርከስ ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ፣ መጻኢ ሂወት ደቂ-ኣንስትዮ ዘጸልምት፡ ንምዕባለአን ዝገትእ፡ ንጥዕናአን ዝሃሰ፡ ንማሕበራዊ ቦታአን ዘመዙብል፡ ሰብኣዊ መሰለን ዝፍግእ፡ ጥዑይ ሕብረተሰብ ንምህናጽ ኣብ ዝግበር ቃልሲ ንድሕሪት ዝመልስ ጎዳኢ ልምዲ ስለዝኾነ፣ ከም ወትሩ ኣብ ምውጋዱ ኩሎም ዝምልከቶም መሻርኽትን ብዓቢኡ ድማ ተራ ወለዲ፤ መምህራን፡ ኮምን ሕብረተሰብን ክዓዝዝ ይግባእ። ብፍላይ ድማ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ልዕሊአን ዝወረደ ሃሰያ ጠንቁ ግጉይ ኣተሓሳስባ ናይ ሕብረተሰብ ምኻኑ ብምርዳእ፣ እቲ ሰቓይ ኣብ ልዕሊ ደቀን'ውን ንኸይድገም ጸኒዐን ክቃለሳ ይግባእ።

**ወልዱ ክፍላይ**
**ጨ/ድ/ቁልዑን ስድራቤትን**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY
Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688
Tel.+291-1-153986
Asmara, Eritrea

## VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position.**
**Planner: Power Station**
**Number required – (01)**
**Type of contract – Indefinite**

**Major Duties and responsibilities**

- To Plan and Schedule maintenance work, ensuring resources, materials and work instructions are prepared to allow safe, efficient and reliable execution HME maintenance activities.

TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREA

**Work Planning Excellence**

- Develop job plans covering labor, materials, tools, permits, risk controls
- Maintain accurate job libraries.

**Scheduling and coordination**

- Build weekly and long-term schedules
- Coordinate with supervisor and operation teams

**Material and Supply chain interface**

- Identify spare parts, verify specifications, ensure availability.
- Maintain BOM accuracy.

**Reliability Support**

- Analyze work history, repeat failures and planning gaps.
- Support strategy improvements and shutdown preparation.

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • Mechanical or electrical trade qualification<br>• Planning or CMMS training (desirable) |
| Working Experience – Nature & Length | • 4+ years maintenance experience<br>• 1-2+ years planning experience fixed plant. |
| Technical Skills | • Strong SAP/CMMS skills<br>• Knowledge of maintenance strategies for HME assets<br>• Ability to read drawings and manuals |
| Behavioral Skills | • Good communication<br>• Excellent attention to details<br>• Strong communication and coordination<br>• Ability to manage priorities an deadlines |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work**: AMSC Sites
- **Type of contract:** Indefinite Period
- **Salary:** As per the Company salary scale

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- **Address: Please mail your applications to:**
  **Asmara Mining Share Company,**
  **P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**
- **Applicants shall be required to send a copy to:**
  **Mineral Resources Management**
  **P.O. Box – 272**
  **Asmara**
- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **Aliens Employment Permit Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

## ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/ማሰል ወረ/ፍ ተኸስቲ ፍስሃጽዮን ተስፋጽዮንን ወረ/ፍ ልኡል በዩን ወልደዝብርኣል +3፣ ብፍ/በ/ዕዳ ወረ/ፍ ተኸስተ ፍስሃጽዮን ተስፋጽዮን ወረ/ፍ ልኡል በዩን ወልደዝብርኣልን ብዘተፈጥረ ናይ ውርሲ ክርክር፣ 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ ብቑ/መዝ 816/25 ብዕለት 24/10/25 ዝተዋህበ ናይ ፈጻሚ ትእዛዝ መሰረት ብምግባር፣ ንብረት ክልተኦም መከራኸርቲ ዝኾነት መኪና ቦጥ ምስ ተሳሓቢታ ተሸይጣ ብገንዘብ ንወረስቲ ብማዕረ ክምቀሉ ስለ ዝኣዘዘ በዚ ትእዛዝ መሰረት፣ መኪና ብሓራጅ ንምሻጥ ብኽኢላ ከም'ዚ ዝስዕብ ተገሚታ ከምዚ ዝስዕብ ማጠቓለሊ ሓራጅ ወጺእዎ።

* ቁ/ሰሌዳ ER-3-A-9716 ቁ/ቻሲ FIAT 190-20-0115530 ፈያት ዝዓይነታ ስርሓት ኢታሊ ዝኾነት ናይ ጽዕነት መኪና ቦጥ ምስ ተሳሓቢታ፣ ቁ/ሰሌዳ ER-3-B-04295 ቁ/ቻሲ 16988 ኣብ'ዚ ዝስዕብ ጉድለት ኣለዋ፥
* ኀማታት ኣረጊት ምቕያር ዘድልዮ
* ሕብሪ ምልካይ ዘድልያ
* ባትሪ
* ምሉእ ሰርቪስ ምግባር ዘድልያ

ማጠቓለሊ ዋጋ ሓራጅ 580,00 (ሓሙሽተ ሚእትን ሰማንያን ሽሕ) ናቕፋ ዝተገመተት እያ። ስለዚ ኣብ'ዚ ዝግበር ሓራጅ ክሳተፍ ዝደሊ ቅድሚ ዕለት ሓራጅ ዘሎ ሓሙሽተ ናይ ስራሕ መዓልታት ጀሚሩ፥ ናይ'ቲ ዝረቐሐ መጠን ገንዘብ ኣብ ሰታሪት ዓሺት ኣብ ቤት ጽሕፈ ዋና ፈጻሚ ፍርዲ ቁ/62 ኣብ ዝተዳለወ ዕጹው ሳንዱቕ የእትዎ። ኣብ ዕለት ሓራጅ ድማ ናይ'ታ ብኽኢላ ዝተዋህበ ግምት 1/4 (ሓደ ርብዒ) ብስም ዋና ፈጻሚ ፍርዲ CPO (ሲፒኦ) ወይ ናይ ባንክ ሕሳብ ተጣራቓሚ ደብዳቤ ሒዙ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል። ዝቃወም እንተሎ፥ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ እንተዘይኣቕሪቡ ሓራጅ ኣየቋርጽን።

ዕለት ሓራጅ፦ 10/03/2026
ሰዓት ሓራጅ፦ 3፡00-4'00 ድ/ቀትሪ
ቦታ ሓራጅ፦ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁ/27

ተወሳኺ ሓበሬታ ነታ ማኪና ምስ ተሳሓቢት ክርኢ ዝደሊ፥ ካብ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ሰምበል ከባቢ እንዳ ቦንዳ 4 ኀደና ዓለዓሉም ከይደኩም ክትርእዩዋ ትኽእሉ። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ ቤ/ጽዋ/ፈ/ፍርዲ ቁ/64 ተወከሱ።

ፈጻሚት ፍርዲ

AllianceFrançaise
Asmara - Eritrea

ቤ/ት ኣልያንስ ፍራንሰዝ ስሩዕ ናይ ሓጋይ ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳ ንንኣሽቱን ንዓበይትን ካብ ጀመርቲ ክሳብ ዝለዓለ ደረጃ ድሮ ጀሚሩ ምኻኑ ክበስር ይፈቱ። ምቅርራብ ንዓለምለኻዊ ዲፕሎማ (DELF) ተዳሊልኩም ኣሎ። ምዝገባ ተጀሚሩ እዩ። ብደሓን ምጽንባዝያዳ ሓበሬታ ቁ.ስ122605/ 115270 ኣድራሻና፣ ጎድኒ ቤ/ት ማይ ተሰፋ ጥቓ ዓርባና ሬስቶራንት እዩ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲ ኣቶ ኣስመሮም ገብረማስቀል ብርሃ፡ ተኸሳሲ ኣቶ በረኸት ኣብርሃ ጋብር፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ መልሲ ሒዝካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ንI2/03/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ተስፋኣለም ምስጉና ዝግታ፡ ኣደይ ከበደሽ ጎይትኦም ህብዝየስ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ጥራይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፤ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/03/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ መድህን ገብረሚካኤል ካሕሳይ፡ ብዓል ቤተይ ዞሚካኤል ኣርኣያ ወልዳይ ስለዝተሰውኡ፡ ጉዳይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቕና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፤ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/03/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰዊት ፍረኣዝጊ ኣብርሃ ምባል ተሪፉ፡ ሸዊታ ፍረኣዝጊ ኣብርሃ፡ ስም ኣደይ ከኣ ኣልሳ ሓድጉ ረድኢ ምባል ተሪፉ፡ የልጣ ሓድጉ ረድኢ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፤ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/03/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሉተብርሃን ዲያና ተኽለማርያም ዓንደ ምባል ተሪፉ፡ ዳናይት ተኽለማርያም ዓንደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፤ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/03/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣዜብ ካሕሳይ፡ ዓብዩና ሕርይቲ ገብረሃዋርያት ዑቕባልደት ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይን 2 ኣሞታተይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፤ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/03/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ሰሎሜ እስቲፋኖስ ፍስሃ፡ ብዓል ቤተይ ተኽለ ተስፊ መሓሪ ስለዝዋረፈ፡ ጉዳይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቕና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፤ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/03/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጉዕይ ሃይለ ወልደሚካኤል ምባል ተሪፉ፡ ግደይ ሃይለ ወልደሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፤ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/03/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ትምኒት ኣሰፍሃ ጼጋይ፡ ብዓል ቤተይ ቅዱስ ኣለመ ሃብተ ስለዝዋረፈ፡ ጉዳይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቕና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፤ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/03/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዘቢብ ተኽሊሚካኤል ተወልደመድህን ምባል ተሪፉ፡ ዘቢብ ተኽለሚካኤል የማነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፤ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/03/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ እምባ ደርሆ

ኣቶ ምስጉና ወልደኣረጋይ ሀብቱ፡ ምስጉና ወልዳይ ሀብቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፤ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/03/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኤልሳ ዐቅሞሚካኤል ዘሙይ፡ ምባል ተሪፉ፡ ኤልሳ ዐቅሞሚካኤል በየን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፤ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/03/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕድመ ሄራን ምስጉና ወልደኣረጋይ፡ ምባል ተሪፉ፡ ሄራን ምስጉና ወልዳይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፤ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/03/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

መርሃዊ ገብረሚካኤል ኪዳን ምባል ተሪፉ፡ ኣቤል ገብረሚካኤል ኪዳን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፤ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/03/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ናህም ኢዮብ ኣብርሃ፡ ምባል ተሪፉ፡ ሻዲ እዮብ ኣብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፤ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/03/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ካ/ቤ/ክ/ምህረት ደቀምሓረ፡ ነ/ሄርት ህድኣት ገብረእግዚኣብሄር መሓሪ፡ ብሂወት ከሎ ንካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ኪዳነ ምህረት ብህያብ ዝሃቦ ቁ/ገዛ 53/03/ ህያብ ክጸድቀለይ ስለ ዝበለ፤ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/02/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ወ/ሮ ነቢያት ገ/ህይወት ብርሃነ ምባል ተሪፉ፡ ናባይት ገብረህይወት ብርሃነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፤ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/03/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሳልሕ ዓሊ ዐስማን ምባል ተሪፉ፡ ሳልሕ መሓመድዓሊ ዐስማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፤ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/03/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ማእከለ ፍስሃጽዮ ሓድጉ ምባል ተሪፉ፡ ማእከለ ሓፀጋበር ሓድጉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፤ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/02/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ግደይ ርእሶም ወልደማርያም፡ ብዓል ቤተይ ኣቶ ኣብርሃም ሃይለ ኣሰፈሃ ስለዝተሰውኡ፡ ጉዳይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቂ ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፤ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/03/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ሓጅ ኣሕመድ ዓብዱራሕማን ምባል ተሪፉ፡ ጀማል ኣሕመድ ዓብዱራሕማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፤ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/02/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ወ/ሮ ሰላስ ገብረሚካኤል ግርሙ፡ ኣቶ ገብረኪዳን ገብረሃንስ ተስፋይ፡ ወድና ቴድሮስ ገብረኪዳን ገብረሃንስ ስለዝተሰውኡ፡ ሓዳር ይኹን ውላድ ስለ ዘይብሉ፡ ንሕና ወለዱ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበልና፤ ዝቃወም እንተሎ፡ ን01/03/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሓመድዓሊ ሓምድ ዐመር ምባል ተሪፉ፡ መሓመድዓሊ መሓመድዐመር ዐስማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፤ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/02/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ንኻልኣይ ግዜ ዝወጽአ ምልክታ ጨረታ

ዓይነት ጨረታ፦ ጽገና ንፎቶኮፒ፡ ንፕሪንተር፡ ንፋክስ

ኣሃዱ፦ ማእከላይ ቤ/ጽ ሚ/ጥዕና

ኣርእስቲ ውዕል፦ ዓመታዊ ውዕል ምጽጋን ፎቶኮፒ፡ ፕሪንተር፡ ንፋክስ ንምክያድ

ዓይነት ጨረታ፦ ሃገራዊ ክፉት ጨረታ

ሚኒስትሪ ጥዕና ንዓመተ ን2026 ዓ/ም ን2027 ዓ/ም ካብ ወርሒ 01/01/2026 ክሳብ 31/12/2027 ዓ/ም ንማእከላይ ቤ/ጽ ሚ/ጥዕና ንኹለን ኣብ ትሕቲኡ ዝርከባ ትካላት ጥዕና ናይ ቤት ጽሕፈት መሳርሒ ዝተፈላለየ ዓይነት ስርሓት ፎቶኮፒ (Photo-copier) ፕሪንተር (printer) ንፋክስ (Fax Machine) ዓመታዊ ጽገና ክካየድ ስለ ዝደለየ፡ ብቑዓትን ሕጋውያን ተጫረትቲ ይዕድም።

ተጫረትቲ ክማልእዎም ዘለዎም ነጥብታት፦

1. ሚ/ጥዕና ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዝ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ጽገና፡ ዋጋታት ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ መሳርሒታት ጽገና ዘካይዱ ክፉት እዩ።
3. ተጫረትቲ ቅዳሕ ናይ ዓመተ 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን፡ ናይ ዓመተ 2024 ክሊራንስ ናይ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር፡ መንነት የቕርቡ።
4. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ቤ/ጽ ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ሚ/ጥዕና (የሴፍ ሰዩም ቁ.ቴሌ 125312 ናይ ጨረታ ሰነዳትን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተጫረትቲ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100.00 (ሚእቲ ናቕፋ) ከፊሎም ክወስዱ ይግባእ።
6. ጨረታ ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ፡ ዕለት 18/02/2006 ሰዓት 9፡45 ቅ/ቀ ክበጽሕ ኣለዎ። ደንጉዩ ዝቐርብ ጨረታ ይንጸግ። ጨረታ፡ ተጫረትቲ ሕጋውያን ወኪልቲን ክሳተፉ ዝደለ ሰባት፡ ሰራሕተኛታት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘብ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ኣዳራሽ ማእከላይ ቤ/ጽ ሚ/ጥዕና ቁጽሪ 36 ይኣቱ። ዕለት 18/02/2026 ሰዓት 10፡00 ቅ/ቀ ጨረታ ብግልጺ ይኽፈት።
7. መኽበሪ ጨረታ ዝምለስ ናይ ጽገና 30,000.00 ናቕፋ ብስፒኦ CPO ክትሕዙ ይግባእ።
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዘኣዝዞ መሰረት ይካየድ።
9. ተጫራቲ ነቲ ዝተዓወተሉ ጽገና ባዕሉ ወይ ብወከልቲ ክኢላታት ጥራይ ጽገና ክካይድ ይፍቀደሉ።
10. ሚ/ጥዕና ብምሉእ ወይ ብከፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ማእከላይ ቤ/ጽሕፈት ሚ/ጥዕና
ጨ/ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ሚ/ጥዕና ቁጽሪ ቴሌፎን 125312
ምምሕዳር ጸጸራት ጎደና ደንደን፡ ቁ.ሳ.ፖ 212 ኣስመራ

## ምልክታ ጨረታ

ሚ/ፋይናንስ ኣብ ዞባ ማእከልን ዞባታትን ንስራሕ ዝጥቀመለን ሸሞንተ (8) ጀነረተራት እዋናዊ ኣገልግሎት ጽገና (planned and Repair Maintenance service) ንክልተ ዓመት ዝሀብ ትካል ኣወዳዲሩ ውዕል ኣገልግሎት ክኣስር ይዕድም።

ተጫረትቲ ትካላት ክማልእዎ ዝግብኦም ቅጥዕታት

1. ናይ 2024 ፍቓድ ንግድን ናይ ዋና ትካል ክምኡ'ውን ናይ ዋና መንነት ወረቐት ፎቶ ኮፒ።
2. ተጫራታይ ትካል ሕጋዊ ፍቓድ ንግዲ ዘለዎ ኮይኑ ክሳብ 2024 ግብሪ ከም ዝኸፈለ ክሊራንስ መበቆላዊ (0rjinal) ሰነዳት ቅድሓትን የቕርብ።
3. ተጫራታይ ትካል ወኪል ወይ ሕጋዊ ኣካያዲ ትካል ምስ ዝኸውን ቅዳሕ (photo Copy) ናይ ሕጋዊ ውክልና ስልጣንን መንነት ወረቐትን ከቕርብ ይግደድ።
4. ተጫራታይ ትካል ፋይናንሳዊ ከኣታት፡ ዓቕሚ ሰብን ኣገልግሎት ናይ ምሃብ ብቕዓት፡ ሕሉፍ ታሪኽ ስራሕ፡ ስራሕ ኣብ እዋኑ ናይ ምትግባር ተኽእሎን ካልእን ከረጋግጹ ዝኽእሉ ሰነዳት የቕርብ።
5. ተጫራታይ ትካል ዝ ዝተጠቕሰ ስራሕ ንኸማልእ ናይ ውልቁ መገዓዝያን ወጻኢታትን ይሽፍን።
6. ተጫራታይ ትካል፡ ጨረታ ንምስታፍ ድሕሪ ጨረታ ምፍጻሙ ዝምለስ መኽበሪ ጨረታ 2,000.00 ናቕፋ (ክልተ ሽሕ ናቕፋ) ኣብ ክፍሊ ሕሳባት ፋይናንስን ብጥረ ገንዘብ ወይ ከኣ ብቸክ የትሓዝ።
7. ዕወት ተጫራታይ ትካል 10% ካብ ዋጋ ዝተዓወተሉ ንጽፍፍ ኣተግባብራ ናይ'ቲ ውዕል ማለት ኣብ ማስርሕ ምሃብ ኣገልግሎት ንዘጋጥም ጸገም (performance Guaranty) ብቸክ ወይ ከኣ CPO ትሕጃ የትሕዝ።
8. ተጫረትቲ ትካላት፡ ናይ ጨረታ ወረቐቶም ብመሰረት ተዳልዩ ዘሎ ናይ ጨረታ ሰነድ መሊኦም ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 15 ተኸታታሊ መዓልታት ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚ/ፋይናንስ ክፍሊ ምምሕዳር ብኣካል ዝተዓሸገ ፖስታ ብናይ ትካሎም ሕጋዊ ማሕተም ኣሰኒዮም ከቕርቡ ይኽእሉ።
9. ጨረታ፡ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኸቡሉ፡ ካብ ምልክታ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ መበል 16 መዓልቲ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚ/ፋይናንስ ሰዓት 9፡00 ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ቅድሚ ተጫረትቲ ይኽፈት። ዝኾነ ለውጢ ናይ ግዜ ምስ ዝህሉ ንተጫረቲ ብተሌፎን ክሕበር ምዃኑ ንሕብር።
10. ተወሳኺ መብርህን ዝርዝራዊ ሓበሬታን ምስ ዝደሊ ቅድሚ ምኽፋት ጨረታ ዘሎ ግዜ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚ/ፋይናንስ ወይ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ምውካስ ይከኣል።
11. ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚ/ፋይናንስ ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።
12. ተጫራታይ ትካል ናይ መጫረቲ ሰነድ ዘይምለስ 100.00 ናቕፋ (ሚእቲ ናቕፋ) ብምኽፋል ካብ ምልክታ ዝወጸሉ ሓደ መዓልቲ ቀጺሉ ዘሎ መዓልቲ ካብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ፋይናንስ ክፍሊ ምምሕዳር ፋይናንስ ጨንፈር ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ኣካል ዕድግን ጽገናን ክወስዱ ይኽእሉ።

ኣድራሻና
ሚኒስትሪ ፋይናንስን ሃገራዊ ልምዓትን
ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን
Tel 1111890-125211-200238
ጨንፈር ሓፈሻዊ ኣገልግሎት
Mobile 07279638
ኣስመራ

ኤሪት ድሪሊንግ ሓ.ዝ.ብ.ማ (Erit Drilling PLC) ንማሕበርና ዝምልከት ጉዳያት ክንመያየጥ ስለ ዝተደለየ፡ ኩሉ ኣባል ብኣካል፡ ብሕጋዊ ውክልና ወይ ዝበጽሖ ኣካል ሕጋዊ ሰነድ ሒዙ ንለካቲት 15/2026 ብምቕራብ ኣብቲ ኣኼባ ክሳተፉ ከምዝኽእሉ ንሕብር።

ኤሪት ድሪሊንግ ሓ.ዝ.ብ.ማ

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብረኤል

## ዋሕዚ ዓወት

ታሸዓይ ክፋል

> "ሓደ ሰብ ጌጋ ምስ ፈጸመ ቀልጢፉ እንተ ዘይኣረምዎ፡ ካልእ ጌጋ ፈጺሙ ማለት እዩ።" - **ኮንፊሽየስ ኮምዚ**
>
> "ሓደ ካብ ምስጢራት ዓወት፡ ዕድል ክትረኽብ እንከለኻ ንኽትጥቀመሉ ወትሩ ድሉው ምዃን እዩ።"
> - **ቤንጃሚን ዲስራኤል**

ዕወታት ሰባት ሰጉምቲ ኣብ ምውሳድ፡ ስሉጣት እዮም። ሓላፍነት ኣብ ምውሳድ ከኣ ዓይናም ኣይሓሰዩን እዮም። እቲ ሓላፍነት ዘይወስድ ሰብ ግዱ ዓቢ ሰጉምቲ ክወስድ ኣይክእልን እዩ።

ግዜኻ ምኽኣት ኣብ ምእላም ተሕልፎ እንተ ኼንካ፡ እወታዊ ስራሕ ከቶ ክተበርክት ኣይትኽእልን ኢኻ። ኣብ ሓንቲ ሃገር 20 ሚእታዊት ሸቐለት ኣልቦት እንተ'ልዩ፡ ምሕር ዘተሓሳስብ እዩ። ንስኻ ግዱ ብኸመይ ካብ እቶም 80 ሚእታዊት ንጠፋት ሰራሕተኛታት ክትከውን ከም ዘለካ ኢኻ ክትጽዕር ዘለካ። ኣብኡ ከይተሓጸርካ ድማ፡ ሸቐለት ኣብ ምፍጣር ክትተጥፍ ይግባእ።

ከም እቲ ኣቐዲምና ብዙሕ ግዜ ዝገለጽናዮ፡ ዓወት ንዓኻ ዚጋጥመካ ነገር ኣይኮነን። ዓወት ብዓኻ ዚጋጥም ከምኡ እውን ብዓኻ ንስኻ እትወስዶም ሰጉምቲታት ዝኽሰት እዩ።

እቶም ሓላፍነት ካብ ምውሳድ ዘድሓርሕሩ ሰባት፡ ብሓፈሻ ኣብ ሰጉምቲ ምውሳድ ንጠፋት ኣይኮኑን።

ከም ሳዕቤኑ፡ ምስ ዕወታት ሰባት ናይ ምስራሕ ዝሀልዎም ዕድል ምሕር ትሑት ይኸውን።

ዕወታት ሰባት ንኣዝዩ ልዑል ደረጃ ተሓታትነት ክቕበሉ ወትሩ ድሉዋት እዮም። በዚ እዮም ድማ ንዓውየም ኣተኣማምኒ ዝኾኑ። ዕወታት ዋላ ንፍሽለቶም ብጸጋ ክቕበሉ ኣየዕጠጥዩን እዮም። ንሳቶም ዝጸልእዎ፡ ንኻልኦት ሰባት ንኽትወቅስ ምህንዳድ እዩ።

ንስኻ ገለ ነገር ዓቢ ነገር ክትሰርሕ ክትብገስ ኣሎኻ፡ ሰባት ንስለኻ ክሰርሑልካ ኢልካ ክትጸበ ኣይግባእን። ዋላ እንተ ሰርሑልካ፡ ከምቲ ባዕልኻ ገይርካ እትሰርሖ ከቶ ኣይጸፍፈልካን እዩ።

እቶም ንገዛእ ርእሶም ከም ግዳይ ብምቑጻር ምኽንያት ክብሉ ዘውዕሉን ዝሓድሩን ሰባት፡ ንግዚኦም ንኸንቱ እዮም ዘጥፍእዎ። በዚ ሕማም ዝሳቐዩ ሰባት፡ ካብ ዕለት ናብ ዕለት እናበርትዑ ይመጽኡ ኣለው። ገለ ሊቃውንቲ ፍርቂ ካብ ህዝቢ ዓለምና፡ ንገዛእ ርእሱ ከም ግዳይ ከም ዝቖጽር እዩም ዝገልጹ። እዚ ምሕር ዘተሓሳስብ እዩ።

እቲ ስለ ምንታይ ሓደ ነገር ኣጋጢሙ ወይ ስለምንታይ ኣየጋጠመን እናበለ ዘማርር ሰብ፡ ኣብ ህይወቱ ናይ ብሓቂ ዓወት ክሓፍስ ዘለዎ ተኽእሎ ምሕር ትሑት እዩ። ብኣንጻሩ እኳ ደኣ፡ ግዳይ ናይ ህሉው ኩነታቱ ኰይኑ እዩ ዝተርፍ።

ኣብ ልዕሊ ካልእ ሰብ ተሓንጊርካ፡ ናብ ዓወት ክትበጽሕ ትሕልን እንተ ኼንካ እውን ንህይወትካ ከቶ ክትቈጻጸራ ኣይትኽእልን ኢኻ። እቲ ምንታይሲ፡ እቲ ሓንጊሩካ ዘሎ ሰብ ኣብ ዝጠየሞ እዋን ደርቢዩካ ክኸይድ ይኽእል እዩ።

ኣብ ሓደ ውድድር ቅድሚ ምስታፍካ፡ ብዙሓ ሕጋጋት ናይቲ ውድድር ጽቡቕ ርድኢት ክህልወካ ይግባእ። ነቲ ውድድር ብኸመይ ከም እትጻወቶ ኣፍልጦ ክህልወካ ኣለዎ። ብዙሓ ወጽኢት ናይ እቲ ውድድር እውን ጽቡቕ ኣምር ክህልወካ ይግባእ። ብድሕሪ እዚ ኢኻ ነቲ ውድድር ጽቡቕ ገይርካ ከተስተማቕሮን ክትዕወተሉን እትኽእል።

ንገዛእ ርእስኻ ወትሩ ከም ግዳይ ብምቑጻር፡ ንግዚኻ ምኽንያት ክትብል ተጠቒዕ እንተ ኼንካ፡ ህይወትካ ውሕስቲ ክህልዋ ኣይክእልን እዩ። እቲ ምኽንያት ቀሊል እዩ። ንገዛእ ርእስኻ ከም ግዳይ ትቘጽራ እንተ'ሊኻ፡ ሓላፍነት ህይወትካ ንኻልኦት ሰባት ወይ ኩነታት ኣሕሊፍካ ሂብካዮ ኣለኻ ማለት እዩ።

ካብ ስምዒት ግዳይነት እንተ ዘይተላቐልካ፡ ንወጽኢትካ ንቕድሚት ከተሰጉሞ ምሕር እዩ ዝኸብደካ። "ኣነ ግዳይ እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ጉዳይ ሓሕማቑ እዩ ዘጋጥመኒ። ኣነ ካብ እዚ ሕማቕ ዕድል ክላገል ልዕሊ ዓቕመይ እዩ። ሕማቕ ዕድል ኪጋጥመኒ፡ በቃ ጽሑፍተይ እዩ!" ትብል እንተ ኼንካ፡ መፍትሒ ከተናዲ ከቶ ፋሕተርተር ኣይትብልን ኢኻ።

ኣብ ህይወትካ ክትበጽሖ ናብ እትደልዮ



ደረጃ ንምሕኳር፡ ኣብ ገዛእ ርእስኻ እንተ ተኣማሚንካ እዩ ዘዋጽኣካ። ኣብ ዓለም ክሳብ ዘለኻ ጽቡቓትን ሕማቓትን ኪጋጥመካ ከም ዝኽእል፡ ከቶ ክትስሕቶ ኣይግባእን። ንዘኸሓ ይኸሩን ዘጋጥመካ ሕማቕ ነገር ናይ ምስዓር ዓቕሚ ከም ዘለካ፡ ንገዛእ ርእስኻ ከተእምና ድማ፡ ናትካ ሓላፍነት እዩ።

ገለ ጉዳያት ልዕሊ ዓቕምኻ ወይ ልዕሊ ቁጽጽርካ እኳ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። እዚ ምሕር ከተሓሳስበካ የብሉን። ናይ እቲ ጉዳይ ሓላፍነት ባዕልኻ ክትወስድ ትብዑት እንተ ኣጥሪኻ፡ ብቐጥታ ደዩ ብዘዘዋዋሪ ነቲ ኩነታትካ ዘይተማሓይሸሉ ምኽንያት ክህሉ ኣይክእልን እዩ።

ንዓወት ከም ግቡእካ ገይርካ ትቖጽሮ እንተ ኼንካ፡ ክትዕወት ኢልካ ግድን ክትነቅል ይግባእ። ክትዕወት እንተ ኼንካ ድማ፡ ሓላፍነት ናይ ገዛእ ርእስኻ ባዕልኻ ክትጭብጦ ይግባእ። ሓላፍነት ናይ ገዛእ ርእስኻ ክትሰከም እንከለኻ፡ ብኸመይ ንቕድሚት ገጽካ ትግስገስ ጥራይ ኢኻ ተሰሳሲ። ንኻልኦት ሰባት ወይ ኩነታት ምውቃስ ምሳሕ ወይ ድራር ክኾነካ ኣይክእልን እዩ።

ኤሌትሪክ መግዝምኻ ከተውዕሎ ወይ ከተዝሕሎ ክጠቕመካ ይኽእል እዩ። ብርሃን ክትረኽበሉ እውን ትኽእል ኢኻ። ንኤሌትሪክ መዓስን ብኸመይን ከም እትጥቀመሉ እንተ ፈሊጥካ፡ ኣብ ረብሓኻ ከተውዕሎ ትኽእል ኢኻ። ብግቡእ እንተ ዘይተጠቒምካሉ ግዱ ቀታሊኻ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ኣብ ዓለም ዘሎዉ ነገራት ከም እዚ ዝኣመሰለ ኣማራጺታት እዮም ዘሀቡኻ። ዝሓሸ ናይ ምምራጽ ብቕዓት ከተጥሪ ከም ዘለካ እምበኣር ከቶ ክጠፍኣካ ኣይግባእን። እቲ ምንታይሲ፡ ግቡእ ምርጫ ክትወስድ እንከለኻ፡ መጥፍኢኻ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ኣብ ከምዚ እትወስዶ ምርጫ ምስ ጽቡቕ ዕድል ወይ ሕማቕ ዕድል ዘተኣሳስር የብሉን። እዚ ወጽኢት ናይ ሓላፍነት ምውሳድ እዩ።

ብጸልማት ኣይተማርር። ንገዛእ ርእስኻ ከም ጀነረተር ቁጸሮ። ምንጪ ብርሃንካ ባዕልኻ ኢኻ። ከምዚ ዓይነት እምንቶ ክተሕድር እንተ ኽኢልካ፡ ኣብ መንገዲ ዓወት ከቶ ደንበርበር ኣይክትብልን ኢኻ።

ካብኻ ቀንዲ ዝድለ፡ ውጥንካ ምጽፋፍን ቀጻሊ ንውጥንካ ምምዕጋምን እዩ። ብዘይውጥን ዝምራሕ ሰብ፡ መዓልቡ እውን ክፈልጥ ኣይክእልን እዩ። ገለ ሰባት ሰኣን ብውጥን ምምራሖም፡ ኣብ ጥቓ ዓወት ምስ በጽሑ፡ ተሰፋ ቈሪጾም ዝሃሰዩ ኣለው።

ሓንሳእ ንሓላፍነትካ ምስ ተቐጻጸርካዮን ምስ ኣደንፋዕካዮን፡ ንህይወትካ ኣብ ምምሕያሽ ዕወት ፍታሕ ኣብ ምእላሽ ክትጅምር ኢኻ። ዋላ ኑቶም ቅድሚ ሕጂ ካብ ቁጽጽርካ ወጻኢ ከም ዝኾኑ እትቘጽሮም ዝነበርካ ጉዳያት፡ ኣብ ቀረባ ግዜ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽርካ ከተእትዎም ከም እትኽእል ልዑል እምንቶ ክተሕድር ጽቡቕ እዩ።

ነገራት ጥራይ ንዓኻ ከም ዘጋጥሙኻ ገይርካ ካብ ምሕሳብ ተቘጠብ። ነገራት ዘጋጥሙኻ በቲ ንስኻ ዝወሰድካዮ ሰጉምቲ ወይ በቲ ንስኻ ክትወስዶ ዘይከኣልካ ሰጉምቲ ምዃናም ክትግንዘብ ኣሎካ።

ክትዕወት እንተለኻ ሞሳ ክትወስድ እንተ ደሊኻ፡ ኣብ እቲ ዘይተዓወትካሉ እውን ሞሳ ክትወስድ ይግባእ። እቲ ምንታይሲ፡ ካብ ፍሽለት ብዙሕ ቀምም ኢኻ እትማሃር።

ንመጠን ሓላፍነትካ ምዕባዩ ንመጠን ፍታሕ ናይ ምርካብ ክእለትካ የዕብዮ እዩ። ከም ወጽኢቱ ድማ ንገዛእ ርእስኻ ዝያዳ ዓወት ክትፈጥረሉ ትኽእል።

## ምምራር ኣይከውንን ድራር

ንኻልእ ሰብ ወይ ካልእ ነገር ምውቃስ ኑቲ ጉዳይ ወይ ጊላ እትኹነሉ ግዜ ጥራይ እዩ ዘናውሖ። ነገራት ከም እተቈጻጸርካዮም ንገዛእ ርእስኻ ከተእምና እንተ ደኣ ክኢልካ፡ ንኣሉታውያን ወጽኢታት ከተወግዶም ትኽእል ኢኻ። ከም ወጽኢቱ ንግዳይነት ህይወትካ ተማሓይሾ ጥራይ ዘይኮንካ፡ ዋሕዚ ዓወትካ ዝያዳ ኣተኣማማኒ እናኾነ እዩ ዝመጽእ።

ኣብ እዛ ዓለም ክሳብ ዘሎኻ፡ ብዙሓት ሰባት ዘተናኹሉኻን ዝሕኽኩሉኻን ክህልዉ ከም ዝኽእሉ ኣብ ግምት ከተእትዎ ኣሎካ። ኣብ ገጽ እኮ ኣይኮንካን እትነብር ዘለኻ። ኣብ ዓለም ዘለኻ ትጸቢት ክውንነታዊ እንተ ኾይኑ፡ ብቐሊሉ ብስምዒት ግዳይነት ኣይትጥቃዕን ኢኻ።

ኑቲ ብስምዒት ግዳይነት ምኽንያት ክብል ዝውዕል ሰብ፡ ብዙሕ ዘኽብሮ ሰብ ኣይረኽብን እዩ። እቲ ምንታይሲ፡ ንምምራር ኩሉ ሕማቕ ሰብ ይኽእሎ እዩ። ዕወታት ግዱ ምምራር ኣቋሪጾም ኣብ ስራሖም ጥራይ እዮም ዘድህቡ። ብእኡ መጠን ከኣ ሰባት የኽብርዎም።

ዓወት ዝመልኦ ህይወት ክተሕልፍ ባህጊ እንተ'ልዩካ፡ ብስምዒት ግዳይነት ክተስተማስል ኣይግባእን። ስለ ዝተመሻኸሽካ፡ ሰብ ደንጊጹ ይሕግዘካ ማለት ኣይኮነን። እንተ ሓገዘካ እውን፡ ንግዚኡ እምበር ንመላእ ዕምርኻ ዘናብር ሓገዝ ክገብረልካ ኣይክእልን እዩ።

እቲ ዓወት ዝበህግ ሰብ፡ ሕማቕ ዕድል ኪጋጥሞ እንከሎ፡ ብኸመይ ኑቶም ኪጋጥምዎ ዝኽእሉ ሕማቕ ዕድላት ከም ዝንከዮም እዩ ዝሰርሕ። እቲ ምንታይሲ፡ ኣማሪርካ ዝልወጥ ህይወት ከቶ የለን።

እዚ ሕጂ እትሰርሖ ዘለኻ ስራሕ ጽቡቕ ወጽኢት ከተምጽእ እንተ ዘየኽኣሉኻ፡ ብየአስርተ ዕጽፊ ንጻዕርኻ ክብ ከተብሎ ክትሕልን ይግባእ። ኑቶም እትወስዶም ሰጉምቲታት ብዕጽፍታት ከተበርኽዎም ኣሎኻ። ዓለምና ቀሩብ ላህመም ክትብል



እንተ ርእየትካ፡ ገዲፋትካ እያ እትዕዘር።

ንጉዳያት ጽቡቕ ነገር ኣየጋጥሞምን እዩ። ብዘኸድዎ ሕማቕ ነገር እዩ ዘጓንፎም። ድኽም ኢልካ እንተ ተራኢኻ፡ ኩሉ እዩ ዝድንድኻ። ብእኡ መጠን ጸገምትካ እናተዓጻጸፈ ክመጽእ ልዑል ተኽእሎ ይህልዎ። መሊሳ ህይወት ዝያዳ ከተጽልኣካ ትጅምር።

ኣብ ህይወት ግዳያት ሰባት፡ ኣርባዕተ ቀጻሊ ዘጋጥማ ጉዳያት ከም ዘለዋ፡ ሊቃውንቲ ይሕብሩና፡

1. ንዕኦቶም ሕማቕ ነገራት የጋጥሞምም።
2. ንዕኦቶም ሕማቕ ነገራት መብዛሕትኡ ግዜ የጓንፉዎም።
3. ንዕኦቶም ሕማቕ ነገር ንኸጋጥሞም ወትሩ ናቶም ኣሉታዊ ኣበርክቶ ኣለዎም።
4. ንሳቶም ንገለ ሰባት ወይ ገለ ነገራት ካብ ምውቃስ ዓዲ ኣይውዕሉን እዮም።

ዕወታት ሰባት ኣንጻር መርገጺ ናይ እዞም ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮም ዝርዝራት እዮም ዝሕዙ። ነፍሲ ወከፍ ኣብ ህይወትካ ዘጋጥም፡ ወጽኢት ናይ እቲ ንስኻ ዝወሰድካዮ ሓላፍነት እዩ። እወ ካብ ግዳም ዝመጽእ ኣይኮነን።

ከምዚ ዓይነት ርድኢት ክተማዕብል እንተ ኽኢልካ፡ ክሽዖ ህሉው ኩነታትካ ናይ ምሕሳብ ዓቕሚ ክተጥሪ ኢኻ። ከም ወጽኢቱ "ኑቶም ሕማቕ ዕድል የጋጥሙኒ ኣለው።" እትብሎም ነገራት ኣብ ትሕቲ ቁጽጽርካ ከተእትዎም ትኽእል ኢኻ።

ሕማቕ ተጓንፎ ኪጋጥመካ እንከሎ፡ ቅድም ቀዳድም ንገዛእ ርእስኻ ኢኻ ብሕቶ ክተዋጥራ ዝግባእ። "እዚ ሕማቕ ተጓንፎ ንኻልኣይ ግዜ ከየጋጥመኒ እንታይ ክገብር ኣሎኒ? ብኸመይከ ካልኣይ ግዜ ከም ዘየጋጥም ርግጸኛ ክኸውን እኽእል?" ብምባል ምስ ገዛእ ርእስኻ ክትላዘብ ይግባእ።

ንስኻ በቶም ዝያዳ ኣቓልቦ እትህቦም ነገራት ወይ ሰባት ኢኻ እትስሓብ። ንስኻ ንዕወታት ሰባት ዝያዳ ኣቓልቦ ትህብ እንተ ኼንካ፡ ብኸመይ ዕወት ከም እትኸውን ኣብ ምስልሳል ኢኻ እተጽመድ። ብመንጽሩ፡ ንጉዳይ ዝኸፍኣ ሰብ ዝያዳ ኣቓልቦ ትህቦ እንተ ኼንካ፡ ዋላ ንዓኻ ከይተፈለጠካ ስምዒት ግዳይነት ኢኻ እተማዕብል።

ኑቲ ቅኑዕ ምርጫ ናይ ምውሳድ ሓላፍነት እምበኣር፡ ንዓኻ እዩ ዝምልከት። እቲ ቅኑዕ ምርጫ ኸኣ፡ ብኸመይ ዕዉት ሰብ ከም እትኸውን ፋሕተርተር ምባል እዩ። እወ ምስ ዕወታት ሰባት ተወዳዲርካ፡ ዕዉት ሰብ ከም እትኸውን ልዑል ርእሰ ተኣማንነት ክተጥሪ ይግባእ።

ስምዒት ግዳይነት ምርጫኻ እንተ ኾይኑ ግዱ ብዘይካ ንገዛእ ርእስኻ ንኻልኦት ሰባት ወይ ንኻልኦት ነገራት ምውቃስ ኣየድልየካን እዩ። ምኽንያቱ፡ ጠንቂ ፍሽለትካ ባዕልኻ ኢኻ።

> "ዕዉት ሰብ ካብ ጌጋኡ ብምኽኣሉ፡ እንደገና ብኻልእ ኣገባብ ይፍትን።" - **ዴል ካርነጊ**
>
> "ዕዉት ሰብ ዝበዝሕ በቶም ዝጐድልዎ ነገራት ከየማረረ፡ በቶም ዘለውዎ ነገራት ዝፍሱህ እዩ።" - **ኤፒክተተስ**



# ዳየሪ




ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ዕምበባይ ናፈቐ...!

16 ጥቅምቲ 2012

10፡30 ድ.ቐ.



ምንፋቕ ከም ዝምሃር ትገብርኒ ኣለኺ። ምእንቲ'ዚ እንተ ኣመስገንኩኺ ግቡእይ እዩ። ንቐረብትኻ ምምስጋን'ኳ ነውሪ ኲይኑ'ዩ ዝስምዓኒ። ግን ደለ ይኹን። ንስራሕ፡ ናብራ ዝመርሓሉ ፍልጠት ኣብ ኮለጅን ምስ ወጻእኩን ዝዓቐመይ ተማሂረ እየ። እቶም ዝደልዮም ዝነበርኩ ነገራት ምስ ትምህርትን ስራሕን ዝተኣሳሰሩ እዮም። ዝበዝሑ ከኣ ኣብኡ እረኽቦም ነይረ። ከም ሰብ ዘሎኒ ስምዒታትን ተፈጥሮኣዊ ድፍኢትን ግን ኣብኡ ክረኽቦ ሓሲበ ኣይፈልጥን። ከም ፍቓድ ፈጣሪ፡ ኵሉ መስርዑ ሒዙ ስለ ዝመጽእ ኣይተፈለጠንን፣ ኣይተገረምኩሉን'ውን። ኣጀማምራይ ነቲ ምዕራፈይ የርእየኒ ስለ ዝነበረ ኣይተሻቐልኩሉን። እንተ እዚ ትምህርኒ ዘለኺ 'ናፍቖት' ግን ምዕራፉ ከም ብርሃን ቀትሪ ደሚቑ ክርኣየኒ እምነ።

ኣብ መዓልታዊ ጕዕዞይ፡ ናይ ዘወትር ጸሎተይ፡ ኣብ ዕረፍቲ ነፍሲወከፍ ዋሃዮይ፡ ናፍቖትኪ ከም ቅናት ከቢቡኒ ኣሎ። እዚ ኣብ ክልተና ክህሉ ዝምነዮ ስምዒት፡ ውሽጠይ ኣርሲኑ ኣዕሚቑ ከተንፍስ ደሪኹኒ። ብእኡ እናሓሰብኩ ንሰማይ ኣንቃዕሪረኩ። ሰማይ ከኣ ኣፉ ከፊቱ ክምስ ይብለኒ። ጸሎተይ ክሰምዕ እንክሎ'ሞ ክስሕቕ ይደሊ። ስሓቑ ኣይሰማዕን፣ እተን ኣብ ክልተ ማዓኳጉርቱ ዘለዋ ጥንባቑ ግን ደሚቐን ይርኣያኒ። ኑዛዜ ስምዒተይ ተራእዩዎዶ ይስሕቕ ይህሉ? ዋላስ ማይ ይዓሙኹ ከም ዘለኹ ይፈልጥ ኣሎ? ከምኡስ ኣይውዕሎን። ባህገይ ኣብ ክልተና ይርእዮ ብምህላዉ እዩ ዝኸውን።

ፍሽኽታኡ ካብዚ ሓሊፈ ብብዙሕ ዓይኒ ክትርጉሞ ፈቲነ። ኵሉ ግን ኣብ መወዳእታኡ ብሕቶ እናተዛዘመ። ብዓቢኡ ንህይወተይ ብሓጕስን ፍሽኽታን ክርእያን ክመልኣን ይጽውዓኒ ምህላዉ ዝተፈለጠኒ ኰይኑ ተሰምዓኒ። ናፍቖትኪ ልበይ እና'ንደዳ እንክሎ፡ ፍሽኽ ኢሉ ዓጸፌታ መሊሱሉ። ብገዛእ ፍሽኽታይ ተሰፉይ መሊኣ። ልክዕ ከም ናቱ ኣብ ማዓኳጉርተይ ጥንባቑ ክፈጥር ኣይከኣልኩን። ንኣኺ ግዳ ይከኣለኪ እዩ። እቲ ንስኺ'ኳ ትኾኒ፤ ሰማይ ናፍቖተይ ኩብዱ በሊዑዎ፡ ከም መስትያት ኰይኑ የረኣእየና ይህሉ!

ኣቲ ብርሃን ዓይነይ! ዕምባባ ዓይነይ'ወ! እናፍቐኪ ኣለኹ። ኣብቲ ቅልልን ምቕልልን ዝበለ ዝምነዮ ጕዕዞ ህይወተይ፡ ኵሉ ከማልኦ ኣይክእልን እኸውን። ናብ ምልኣተይ ዘብጽሓኒ ዕድላት እንተ ረኺበ ግን ዓይነይ ከይሓሰኹ ከረው ኣቢለ ክሕዞ'የ ዝጉዩ። ንስኺ ከኣ ሓንቲ ካብዚ ዕድላተይ ኢኺ። ከም ሓደ ግዛዕ፡ ሾኹኽካ ትወስዶ እንደሞ ዘይኰነ ኲይኑ። ከም ጽምብላሊዕ ኣብ ጉምቦ ኢደይ ባዕልኺ ብቐሳነት ክትዓልቢ፡ መንገብገብኪ ከተዕርፊ ብትዕግስቲ ክጸቢ፡ ውሽጠይ ይምዕደኒ ኣሎ፣ ግን ኣይከኣልኩን። እናሻዕ ክርእየኪ፡ እናሻዕ ድምጽኽን ሰሓቕክን ክሰምዕ፡ እናሻዕ ክዝክረኪ፡ እናፍቐኪ። ልበይ ደረተይ ሰንጢቓ ክትወጽእ ክሳብ እትደሊ ሕቑፎኺ ትብህጎ ኣላ።

*እቲ እዋን ቀጻሊ ማዕረ ማዕረ ኲንና እንኽደ*

*ዘለኺ እናመሰለኒ ሰግር ማዕዶ*

*ሰቕ ኢለ እናፍቐኪ... ልበይ የንድዶ!*

እዚ ምንፋቕ ካብቲ ዓንኬል ምልኣተይ ዘቖም ቀመማት ሓደዶ ይኸውን፤ እንተ ኲይኑ ኵሉ ሳዕ እንተ ናፈቕኩኺ እንታይ ኣሎዎ፤ ከምቲ ንወጋሕታ ክትመጽእ ዝኽልከላ ሓይሊ ዘየለ፡ ንኣኺ ካብ ምንፋቕ ዓዲ ዘውዕለኒ ሓይሊ ከኣ የለን። እናፍቐኪ ኣለኹ ምልኣት ልበይ! ዕምባባ ዓይነይ! ንስኺ ከኣ ናፍቖ'ባ ምሳይ፣ ሕቑፎይ ብሃጊ! ጉዝጓዘይ ብሃጊ! ዕዝምታይ ብሃጊ! ስሓቐይ ብሃጊ! ዋዛይ ናፍቒ! ኵራይ ብሃጊ! ቀበዝበዘይ ናፍቒ።

**ጃምቦ**

## ኣብ ፋንዋ እቲ ሓላል

04 ሓምለ 2025



8፡15 ድ.ቐ.

- ገዛና -

ዕለት 23 ሰነ 2025 ዘጋጠመ ኣብ ናይ ስራሕ ጥራዘይ ዝጸሓፍኩዎ ምስ ርኣኹ'ዩ ተዘኪሩኒ።ተኣላያይ እንዳ ሰዓል'ዩ ዓሪፉ፣ ቀብሪ ሓዝሓዝ ሰዓት 12፡00 ቀትሪ ከይደ።

ኣብ ቅድሚ ፈጣሪ እንቋዕ ኵሉና ማዕረ ኮና። እቶም ቀበርቲ ዝበዛሕና መንእሰያት ኢና ነይርና።ብዝሕና ካብ 50 ዘይሓልፍ ነይሩ። ብፍላይ ውሑዳት ኣዋልድ ምስ ርኣኹ ኣሕዚኑኒ'ዩ። ሓንቲ ጓል፡ ቤተሰብ'ያ መስለኒ፡ በይና ብደዋ ተልቅስ ነይራ እምበር፡ ንሕናስ ተነኺኺና ኢና ተሪፍና። ባባ ጆን ኣደንጊጹኒ። ኣምላኽ ኣብ ላዕሊ ይኸሓስካ እምበር ኣብ ቀብርኻ፡ "ኣቦይ" ኢሎም ዘልቅሱልካ ውሉዳት ኮነ ኣዝማድ ዘይምህላዎም ተሰሚዕኒ'ዩ። ብፍላይ ኣደይ፡ ኣብዛ መዓልቲ ቤት ገርግሽ ዝኸደቶ ቀብሪ፡ ብብዝሒ ቀባሮ ተገሪማ ከተዕልል ከላ፡ እቶም ቊራቦ ዝነበርና ተዘኪሩኒስ ...።

ህይወት ከምኡ'ያ በቃ። 'ድሕሪ'ዚ ህይወት ዘሎ ህይወት ግን እንቋዕ ዋና ሃለዎ፣ እንቋዕ ማዕረ ዝርእየና ኮነ፡' ኢለ። መንግስተ ሰማያት የዋርስካ! ክንናፍቐካ ኢና ባባ ጆን። እታ፡ "ጓለይ፡ ትኹብለይ ቅርሺ!" እናበለ ዝገብራ ናይ ላዕሊ ባድላ ትዝክረኒ ኣላ።

ሳንዱቕ ሬሳ፡ ዝቐብሮ ዘይብሉ ከኣ'ባ ከብድኻ ይበልዓካ። ኵሉ ኵሉ ከብድኻ ዝበልዕ እዩ፣ ከም ሰቡ ምስ ሳንዱቑ ከይቀበር'ኳስ፡ እታ ናይ እንዳ ሰዓል ሓጺን ሳንዱቅ ሬሳ ተመላሽ'ያ። ክሳብ መካነ መቓብር መብጽሒ ጥራይ ይጥቀሙላ፡ ካብኡ ብዘይ ሳንዱቕ እዮም ዝቕበሩ።

**ኣየ ኣማኑኤል**

## ኣይተግድዕኒ ጥሪ

11 ጥሪ 2026

011፡00 ቅ.ቐ.



ፈራሕሲ ንኽብዲ ኣደኡ ይኣትዋ፣ ይደርገማ ግዲ፡ ጓል ግርማይ ሕጂዶ ናብ ከብዲ ኣደይ ተመሊሰ ክክክክ። ጀጃዊ ሰብ'ኳ ይጽልኣኒ። 'ጀጃዊ ሰብ'የ' ኢለ፣ ጀጃዊ ሰብኣይ ኣይበልኩን። ኣብ ትግርኛና፡ ንናይ ሓባር እኩብ ክልተኡ ጾታ ዝጠርነፈ፡ ልክዕ ከም ዓረብ ብተባዕታይ ኢና እንጽውዖ። እንተኹነ ጸገም የብሉን፣ ጉዳይና ንሱ ኣይኰነን። ንሓንቲ ፕሮጀክት፡ መን ብመሪሕነት ይሰርሓያ ሕቶ ዝኹኖም ሰባት ነይሮም። "ኣነ" ዝብል ካብ ዘይተረኽበ፡ ንህድኣት ክትወሃብ ጠለብኩ። "እሞ ደጋፊ ሓደ ወዲ ክንገብረላ፡" ምስ ተባህለ ደመይ ፍልሒ፣ ወዲ ብምዃኑ ዝውሃብ ጽፍሒ ኰነ ስራሕ ጸላእኩ። "ንስራሕ ዝበቕዕ እንተ ተደልዩ ኣለኹ ኣነ፣ ኲለል ኣይትበሉ፣ ኣኸለ።" ገዲፈዮም ወጺአ።

**ብሌን ግርማይ**

## መዝሙር ልበይ



ረቡዕ – 19 ሕዳር 2008

11 ፡ 00 ድ.ቐ. – ድባርዋ

ልበይ እንታይ ከይትዝምር ኢላ! ኣብዛ ሰዓት እዚኣ ኪንዮ ሓንቲ መዝሙር ካልእ ዝዝመር የብላን። ንነዊሕ እዋን ዝዘመረታ መዝሙር እያ። ሕጂ ግን ምስቀርቋር ትሕውሰሉ ዘላ ትጥዕመኒ፣ ወይ ከምኡ ክኸውን ግዲ ደልየዮ። ትምኖ መዝሙር ኣይኰነትን። ወትሩ ኣብ ጸጽባሕ ምስ ጨራ ወጋሕታ፡ ምስ ደወል ቤተ ክርስትያንን ኣዛንን እናሰማዕኩዋ መመሊሳ ትሕደስ። ትጥዕም። ትምቅር።

ምቅርቲ! መዝሙር ልበይ እንታይ ምዃና ትጠፍኣኪ ኣይብልን። ምኽንያቱ ልበይ ምሳኺ ኣብኡ ስለ ዘላ። ንሓዋሩ ምሳኺ ክትህሉ'የ ዝደልያ። ወትሩ ብኣኺ ክትዝምር'ዩ ባህታይ። ወትሩ ንስምኪ ክትጽውዕ'ዩ ድልየተይ። ካልእ ህይወታ ኣይኰነን። ንስኻ ዘይትኹነሉ፡ ከም ባህታኻን ደስታኻን ዘይትኹነሉ ሃለዋት ከኣ ኣይተሃሉ! ልበይ ከኣ ከም ባህታኣ ትኹነሉ፡ ብባዕላ እትሕጉሰሉ ሰፈር ምሳኺ ኣሎ። ምሳኺ ትኹን ሕደግያ።

ምንባርን ህይወትን ይፈላለ ድዩ ኣይፈላለን ኣይፈልጥን። ንሕጂ ግን ምንባር ከም ከይሞትካ ምጽናሕ ወሲደዮ ኣለኹ። ህይወት ከኣ ከም ጸሓይ ኣናደመቕካ፡ ከም ወርሒ እናለዝብካ፡ ከም ከዋኽብቲ እናተሰራሰርካ፡ ብዘሎካ እናኣመስገንካ፡ ብጽባሕ እናተተስፎኻ፡ ከይሓሰመካ ምንባር ሓሲበዮ ኣለኹ። ልበይ ከኣ ህይወት እምበር ምንባር ኣየድልያን። ፈራሕ ኣይ-መተ ተባዕ ኣይ-መተ ላንጋላንጋ ሞተ ድዩ ዝተባህለ፣ ልበይ ካብ ላንጋ ላንጋ የድሕና። ተፈጥሮ ኣይኣዝዝ! ምስ ተፈጥሮ ክትገጥም ዝከኣል ኣይመስለንን። ስለ ዘይበጻሕናዮ'ምበር ይከኣል'ውን ይኸውን፤ ኣይከኣልን'ዩ ዝብሃል የለን፣ መዓልቱ ስለ ዘይኣኸለ'ምበር። ሰብ ብሰማይ ሰማይ ክኸይድ ዘስሕቕ ሕልሚ ይመስል ነይሩ ይኸውን፣ ግን ንኸዶ ኣለና። ሸዑ መዓልቱ ኣይኣኸለን እምበር ይከኣልሲ ነይሩ እዩ። ኣቦታትና ንዝሓየለ ኣብ ኣፍሪቃ ዝሓየለ ንዝነበረ ሰራዊት ኢትዮጵያ፡ ምስናይ ደገፍቱ፡ ብጥራይ ኢዶ ክስዕሩዎ ዝከኣል ኣይመስልን ነይሩ፣ ግዳ ስዒሮሞ። ቅጫኻ ካብ ሞጎጎ ከይበሰለትዶ ኣውጺእካ ትብላዕ ኰይናና!

ኣጽዋረይ መዝሙረይ'ዩ። እቲ ኣብ ልበይ ዘሎ'ወ! እቲ ንልበይ ዘገሻ፡ እቲ ንልበይ ዘወናውና። ቀሪቡ ርሒቑ፡ ሓሲሙ ርህዩ፡ በሪሁ ጸልሚቱ፡ ብሓደ ንሃሉ ንማዓዶ ... ዘንትእለት ዘይትቕየር መዝሙር ንሳ'ያ.... "ኣፍቅረኪ'የ"።

**ሰለማዊ ተ.**

# ስፖርት

ሊድያ በረኸት

## ሃገራዊ ውድድር ሻምፕዮን ክለባት ደቂ-ኣንስትዮ ተዛዚሙ

ብ28 ጥሪ መጋረጃኡ ዝኸፈተ ሃገራዊ ውድድራት ሻምፕዮን ክለባት ደቂ-ኣንስትዮ 2026፡ ብሰንበት 8 ለካቲት ብዝተኻየደ ክልተ ናይ ፍጻመ ጸወታታት ተዛዚሙ።

ኣብቲ ናይ መዛዘሚ ዕለት ፈለማ ናይ ፍጻመ ጸወታኣን ዝተኻየዳ ክለባት፡ ናይ ካልኣይ ጉጅለ ጋንታ ገጀረትን ሰምባልን እያን ነይረን፡ ገጀረት ድማ ኣብ መበል 42 ደቒቕ ብዘረኸበታ እኹል ሸቶ 1-ብ0 ተዓዊታ ዋንጫ ኣልዒላ።

ድሒረን ካብ 3:00 ድሕሪ ቀትሪ ኣትሒዘን ናይ ዋንጫ ጸወታ ዘካየዳ ቀዳማይ ጉጅለ ክለባት ደንደንን ኢንሹራንስን እየን፡ እዘን ጋንታታት ናብዚ ግጥም ማዕረ ሽውዓተ ነጥቢ ሒዘን'የን ኣትየን፡ ጸወታ ብኣግኡ ኣትሒዙ ሓያል ከምዝኸውን ርዱእ'ዩ ነይሩ፡ ደንደን ንኢንሹራንስን ብጹብለልታ ሸቶ በሊጻታ ብምንባራ፡ ካብቲ ግጥም ማዕረ ወጽኢት ዘርብሓ'ዩ ነይሩ፡ ብኣንጻሩ ንኢንሹራንስ ግን ዓወት ጥራዩ ዘዋጽኣ፡ ጸወታ ቀዲሙ ብምጥቃዕቲ ደንደን ተባሒቱ፡ ኣብ መበል 22 ደቒቕ ካብ ፊዮና ገ/ገርግሽ ብዝረኸበታ ሸቶ ድማ ንልዕሊ ኢንሹራንስ ደፊራቶ፡ ኢንሹራንስ በዚ ከይተዳህለት ብዝተኻየደቶ ግብረ መልሲ፡ብመንገዲ ተጻዋቲት ሄርሜላ ቴድሮስ ብዘመዝገበታ ሸቶ ንኽትመዓረረ ሽውዓተ ደቃይቕ ጥራይ'ዩ ወሲዱላ፡ በዚ ወጽኢት'ዚ ድማ ናብ ዕረፍቲ ኣምሪሐ።

ኣብ ካልኣይ እብረ፡ ሸቶ ኣይተወሰኸን፡ ጸወታ ንደንደን ብዘርብሐ ወጽኢት 1-ብ1 ክዛዘም ክኢሉ፡ ደንደን ድማ ካብ ቀዳመይቲ ጉጅለ ዕውትቲ ብምዃን ተዓዊታ።

ብሓፈሻ ኣብዚ ክካየድ ዝቐየ ውድድራት ካብ ናይ ቀዳማይ ጉጅለ ጋንታታት፡ ደንደን ጉብለል ብምዃን ተዓዊቲት 50 ሽሕ ናቕፋ፡ ወርቂ መዳልያን ዓብዩ ዋንጫን ክትከውን እንከሎ፡ ካልኣይቲ ኢንሹራንስ 35 ሽሕ ናቕፋ፡ ማእከለይቲ ዋንጫን ብሩር መዳልያን፡ ሳልሰይቲ ኩ/ህ/ሰገን 25 ሽሕ ናቕፋ፡ ታርጌታን ኑሓስ መዳልያን ዓቲራ። ብተወሳኺ ደንደን ብጸሩም ጸወታ ማእከለይቲ ዋንጫዓ ቲራያ።

ኣብዚ ውድድር ብለጽ ብቕዓት ዘመዝገባ ተጻወትቲ ሽልማት ተዓዲለን፡ ብልጽቲ ኣመዝጋቢት ሸቶ፡ ኢልሃም ዓብደልቃድር ካብ ደንደን ብሰለስተ ሸቶታት፡ ብልጽትቲ ተጻዋቲት ሄለን ሚካኤል ካብ ደንደን፡ ብልጽትቲ ሓላዊት ልዳት ሚልየን ፍጹም ካብ ደንደን፡ ብለጽ ኣሰልጣኒ ሪዘ ገ/ገርግሽ ብምዃን ሓሙሽተ ሽሕ ናቕፋ ክሽለሙ በቒዖም።

ካብ ናይ ካልኣይ ጉጅለ ጋንታታት ገጀረት ቀዳመይቲ ብምዃን 50 ሽሕ ናቕፋ፡ ወርቂ መዳልያን ዓብዩ ዋንጫን ክትዓትር ከሎ፡ ካልኣይቲ ሰምባል 35 ሽሕ ናቕፋ፡ ማእከለይቲ ዋንጫን ብሩር መዳልያን፡ ሳልሰይቲ ጉዳይፍ 25 ሽሕ ናቕፋ፡ ታርጌታን ኑሓስ መዳልያን ተዓዲለን። ብተወሳኺ ብጸሩም ጸወታ ጋንታ ጉዳይፍ ማእከለይቲ ዋንጫ ዓቲራ።

ብዘይካ'ውን ካብ ካልኣይ ጉጅለ፡ ብሉጻት ኣመዝገብቲ ሸቶ፡ ቤተልሄም ተሸመ ካብ ደቡብ፡ እመኽበር ዓብደላ ካብ ሰምባል፡ የልያ ዓይናም ካብ ገጀረት ብርባዕተ ሸቶታት ክሽለማ ከለዋ፡ ብልጽቲ ተጻዋቲት ቤተልሄም ተሸመ ካብ ደቡብ፡ ብልጽቲ ሓላዊት ልዳት ሚልዋት ዓንደማርያም ካብ ገጀረት፡ ብልጽቲ ኣሰልጣኒት ድማ የርሳሌም ተኽሉ ካብ ገጀረት ብምዃን ሓሙሽተ ሽሕ ናቕፋ ተሸሊመን።

ጋንታታት ብዓቕመን ደረጃን ምስ ዝመጣጠኣን ጋንታታት ንኽጻወታ ብዝብል ዕላማ ኣብ ክልተ ምድባት ተመቓቒሉ ዝተኻየደ ናይ ለሚ ዓመት ውድድር ሻምፕዮን ክለባት ደቂ-ኣንስትዮ 2026፡ ዞባታት ንዘለዋን ናይ ቅድመ ምድላዋት ድኻማት ገዲፍካ ሓንቲ ካብ ሓንቲ ዝቐመንን ተወዳደርቲ'ን ዘየብለጸ ኩይነን ቀሪበን። ዘይከም ናይ ዝሓለፈ ዓመታት፡ ኣብ ጸወታ ዕብለላን ብዙሒ ሸቶታትን ኣብ ወሰናት ጋንታታት ተገዚበራቒዩ።



ክለብ ገጀረት



ክለብ ደንደን

## ውድድር ባይታ ቴኒስ ህጻናት ተኻይዱ

ሃገራዊ ፈደረሽን ባይታ ቴኒስ ኤርትራ ሓደ ካብቶም ዓመታዊ ኣብ ካላንደሩ ዘርዝም ውድድራት፡ ኣብ ናይ ክሊ. ዕድመ ትሕቲ 12ን 14ን ካብ 30 ጥሪ - 6 የካቲት ግጥማት ኣካይዱ።

እዚ ዝሓለፈ ዓርቢ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቀትሪ ዝተዛዘመ ውድድራት፡ ኣርባዕተ ኣለይቲ ውድድር፡ ሸዱሽተ ሃገራውያን ደያኑን ሽውዓተ ኣሰልጠንትን ኣብ ዝተረኽብዎ ተኻይዱ። ኣብቲ ውድድር ክሳተፉ ዝቐጸ ተወዳደርቲ፡ ሽልማትን ናይ ኣፍልጦ ወረቐትን ምስጋናን ካብ ፕረዚደንት ሃገራዊ ፈደረሽን ባይታ ቴኒስ ኣቶ የማነ ተሰፋይ ዝርከብዎም ዝተፈላለዩ ሓለፍቲ ፈደረሽናት ተዓዲሉ።

ብጠቕላላ ዝቐጸ ካብ ዝተመዝገቡን ወጽኢታትን ዓወታትን ብደረጃ ዞባ ምስ ንምልከት፡ ዞባ ዓንሰባ ራብዓይ፡ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ሳልሳይ፡ ዞባ ደቡብ ካልኣይ ማእከል ድማ ቀዳማይ ደረጃ ሒዘን።

ኣብ ናይ ወልቂ ዓወታት ትሕቲ 14 ዓመት ክሊ. ዕድመ ደቂ-ተባዕትዮ፡ ሚኪኤል ሕሰበ ካብ ሰ/ቀ/ባሕሪ ሳልሳይ፡ ብሩክ ዕድል ካብ ማእከል ካልኣይ፡ ሳሙኤል ኣስመሮም ካብ ማእከል ድማ ቀዳማይ ብምዃን ሻምፕዮን ኮይኖም።

ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ትሕቲ 14 ዓመት፡ በታንያ መሴ ካብ ማእከል ንኤልዳና ሃብቶም ካብ ደቡብን ክሪስቲና ሚኬኤል ካብ ማእከልን ኣሸኒፋ ሻምፕዮን ኮይና።

ኣብ ናይ ትሕቲ 12 ክሊ. ዕድመ ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ፡ ቅዱስ ሰለሞን ካብ ማእከል ቀዳማይ፡ ናታን ኣስገዶም ማእከል ካልኣይ፡ ራኢ. ኢያኑብ ካብ ደቡብ ድማ ሳልሳይ ብምዃን ሻምፕዮን ኮይኖም።

ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ትሕቲ 12 ዓመት፡ ቀዋት ተኽለሃይማኖት ካብ ማእከል፡ ናኦሚት ዳኒኤል ካብ ሰ/ቀ/ባሕሪን ሚልካር መሴ ካብ ማእከልን ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ደረጃ ከምዝሓዛ ህ/ር/ሃ/ፈ/ባ/ቴ/ኤርትራ ሓቢሩ።



## ሪዮ ፈርዲናንድ ብሰንኪ ሕዱር 'ሕማም ሕቖ' ዓረብያ ክሕዝ ተገዲዱ



ኮኾብ ተጻዋታይ ማንቸስተር ዩናይትድ ነበር ሪዮ ፈርዲናንድ፡ ብሰንኪ መጉዳእቲ ሕቖ ንዝተወሰነ እዋን ብዓረብያ ክንቀሳቐስ ምዃኑ ተፈሊጡ።

እዚ ወዲ 47 ዓመት፡ ንልዕሊ ዓሰርተ ዓመታት ንማስመር ምክልኻል ማንቸስተር ዩናይትድ ድርዒ ዝኾነ ወሩይ ተጻዋታይ፡ ኣብ ዓንዲ ሕቖኡ ብተደጋጋሚ ብዝሰቐዮ ማህሰይቲ ናብ ሕክምና ክመላለስ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ሆስፒታል ክዕቆብን ብዓረብያ ሰሽከላን ክንቀሳቐስን ብኸኢምና ተሓቢሩዎ።

እዚ ሓለቓ ጋንታ እንግሊዝ ነበር፡ ኣብ መራኸቢ ብዙሃን ከም ተንታኒ ኩዕሶ እግሪ ክሰርሕ ዝጸንሐ ኮይኑ፡ ክሳዕ ዝኸእል መጉዳእቲ ሕቖ ከምዝለዎ ብሕክምና ተሓቢሩዎ።

ፈርዲናንድ ንጉዳይ ጥዕናኡ ኣመልኪቱ ኣብ ዘሎ መግለጺ፡ "ቃንዛ ሕቖ ካብ ዝጀምረኒ ነዊሕ እዋን ኮይኑ'ሎ። ኣብ ግዜ ጸወታ ከለኹ ዘጋጠመኒ መጉዳእቲ ኣሎ። ንሸዱሽተ ዓመት ዝቐጸለ መርፍእ እናተወጋእኩ'የ ተጻዊተ፡ ንሱ'ዩ ሳዕቤኑ። ንዘይተፈልጠ እዋን ኣብ ዓረብያ ኮይነ ሕክምናዊ መስርሕ ክኸይድ'የ" ኢሉ።

ምስ ተለቪዥን ቲ.ኤን.ቲ ስፖርት ከም ቀዋሚ ተንታኒ ኮይኑ ን10 ዓመት ክሰርሕ ዝጸንሐ ፈርዲናንድ፡ ምስ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ 81 ግዜ ተጻዊቱ፡ ሰለስተ ግዜ ድማ ኣብ ዋንጫ ዓለም ንሃገሩ ወኪሉዋ። ፈርዲናንድ ምስ ዩናይትድን ካልኦት ክለባትን ልዕሊ 600 ዝኾኑ ግጥማት ተጻዊቱ'ዩ። ኣብ 2015 ካብ ኩዕሶ እግሪ ዝተሰናበተ ፈርዲናንድ፡ ሸዱሽተ ግዜ ተዓዊቲ ፕሪመር ሊግ ኮይኑ'ዩ።

### መደብ ጸወታ

ሎሚ

ፕሪመር ሊግ (መበል 26 ጸወታ)

ኖቲንግሃም - ዎልቭስ 10:30 ድ.ቀ.

ኣስቶን ቪላ - ብራይተን 10:30 ድ.ቀ.

ክሪስታል ፓላስ - በርንለይ 10:30 ድ.ቀ.

ማንሲቲ - ፉልሃም 10:30 ድ.ቀ.

ሳንደርላንድ - ሊቨርፑል 11:15 ድ.ቀ.

## ክርስትያኖ ሮናልዶ ናብ ጸወታ ይምለስ



ኣብዘ ሰሙን መበል 41 ዓመት ልደቱ ዘበዓለ ክርስትያኖ ሮናልዶ፡ ናብ ጸወታ ከም ዝምለስ ተገሊጹ።

ፖርቱጋላዊ ናይ ቅድሚት መስመር ተጻዋታይ ክርስትያኖ ሮናልዶ፡ ዝሓለፈ እዋን በቲ ኣብ ልዕሊ'ታ ክለብ ዝዋገር ወፍሪ ባጀት ሕገስ ብዘይምዃኑ፡ ምስ ሓለፍቲ ክለቡ ኣል-ነስር ከምዝተሰሓሓብ ይግለጽ። ከም ወጽኢቱ ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ጸወታታት ካብ ምስላፍ ሓንጊዱ ጸኒሑ። እንተኾነ፡ ክርስትያኖ፡ ኣብ'ዚ ሰሙን'ዚ ምስ ላዕለዎት ሓለፍቲ ናይታ ክለብ ዘለዎ ሽግር ብዘርርብ ከምዝፈትሐ ማዕከናት ዜና ፖርቱጋል ሓቢረን። ወሰንቲ ኣልነስር፡ ክርስትያኖ ዝሓተቶ ሕቶታት ንምምላስ ፍቓደኛታት ምዃኖም ድሕሪ ምግላጾም፡ እዚ ተጻዋታይ ኣብ ዝስዕብ ጸወታታት ናብ ሜዳ ክምለስ ምዃኑ ወግዓዊ ኮይኑ ኣሎ። ኣል-ነስር ምስ ኣል-ፋታሕ ኣብ እተካየዶ ጸወታ፡ ክርስትያኖ ምስ ቀዳሞት ዓሰርተ ሓደ ተጻወትቲ ክሰለፍ'ዩ። ኣል-ነስር ኣብ ሊግ ሰዑዲ ብ49 ነጥቢ ኣብ ካልኣይ ደረጃ እትርከብ ኮይና ኣብ'ዚ ወቕቲ ጸወታ 16 ናይ ሊግ ዓወታት ኣመዝጊባ ትርከብ።

### መኣረምታ

ኣብ ናይ ትማሊ ሕታም፡ "ሃገራዊ ውድድር ብሽክለታ 'ኤሪ ጁኒየር' ተኻይዱ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ፡ ሄርሜላ ሰምኦን ካብ ጋንታ ደቡብ ናይ ካልኣይቲ መድረኽ ብልጽቲ ተቐዳዳሚት ዝብል ዘሎ፡ ኣርሴማ መድሃኔ ካብ ጋንታ ደቡብ ተባሂሉ ክነብብ ንሕትበር።

ኣዳላዊ ዓምዲ

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## ኣመሪካን ኣርመንያን፡ ስምምዕ ኑክለስያዊ ጸዓት ከቲመን

ኣመሪካ፡ ምስ’ታ ኣብ ሓዲ እዋን ናይ ቀረባ መሓዛ ሩስያ ዝነበረት ምዕራብ ኤስያዊት ሃገረ ኣርመንያ ርክብ ንምሕያል ኣብ ትደፍኣሉ ዘላ እዋን፡ ክልቲአን ሃገራት ኣብ ሲቪላዊ ምትሕግጋዝ ኑክለስያዊ ጸዓት ኣብ ስምምዕ ከም ዝበጽሓ ተሓቢሩ።

እቲ ስምምዕ ምኽትል ፕረዚደንት ኣመሪካ ጄዲ ቫንስ ኣብ ኣርመንያ ናይ ክልተ መዓልታት ዑደት ኣብ ዘካየደሉ እዋን እዩ ተበጺሒሑ።

በዚ ድማ፡ እቲ ምኽትል ፕረዚደንት ኑቲ ናይ ቢልዮናት ዶላር ስምምዕ ኑክለስያዊ ጸዓት ዝሓለፈ ሰሉይ ምስ ቀዳማይ



ሚኒስተር ኣርመንያ ኒኮል ፓሺንያንን ተፈራሪሞሙ ኣለዉ።

እቲ ብ ‘123’ ዝፍለጥ ስምምዕ ኣመሪካ ናብ’ቲ ቀድሚ ሕጂ ብሩስያ ዝዕብለል ዝነበረ ዓውዲ ክትኣቱ ዘኽእል ምዃኑ ጸብጻባት ሓቢሮም።

ክልቲኦም ሰበ ስልጣን ኣብ ዝሃብዎ ሓባራዊ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ እቲ ስምምዕ ኣብ ሸርክነት ጸዓት ኣርመንያን ኣመሪካን ሓድሽ ምዕራፍ ክኸፍት ምዃኑ ኣረዲኦም።

እቲ ኣመሪካ ንኻልኦት ሃገራት ብሕጋዊ መንገዲ ኑክለስያዊ ቴክኖሎጂን መሳርሒታትን ፍቓድ ክትህብ ዘኽእላ ስምምዕ ኣመሪካ ክሳብ 5 ቢልዮን ዶላር ዝበጽሕ ናይ መጀመርታ ሰደድ ናብ ኣርመንያ ክትገብር ከም ዘኽእል ተሓቢሩ።

ዑደት ቫንስ ኣብ ስልጣን ብዘሎ ምኽትል ፕረዚደንት ዝተፈጸመ ናይ ፈለማ ምብጻሕ ኮይኑ፡ መራሕቲ ኣርመንያን ኣዘርባጃንን ኣብ ቤት ጽሕፈት ዋይት ሃውስ ስምምዕ ካብ ዝፍርሙ ድሕሪ ሽዱሽተ ወርሒ’ዩ ተኻይዱ።

## ቱርኪ - ብምስግጋር ዕጸ ፋርስ ዝተጠርጠሩ ነጋዶ ቀዩዳ




ሓይልታት ጸጥታ ቱርኪ፡ ዝሓለፈ ሰሉስ ብመድረኻት ማሕበራዊ ሚድያ ዝንቀሳቐሱ መርበባት ዕጸ ፋርስ ዒላማ ብምግባር ብዘካየድዎ ሰፊሕ ስርሒታት 305 ጥርጡራት ነጋዶ ዕጸ ፋርስ ኣብ ቀይዲ ከም ዘእተወ ተሓቢሩ።

ሚኒስተር ወሽጣዊ ጉዳያት ቱርኪ ዓሊ የርሊካያ፡ እቲ ስርሒት ብወሃደት ኣሃዱ ክፍሊ ገበናት ዕጸ ፋርስን ፖሊስ ኢስታንቡልን ከም ዝተኻየደ ኣፍሊጡ።

እቲ ንሓሙሽተ ኣዋርሕ ዝቐጸለ መርመራ፡ ዝተራቐቑ መርበባት ዘይሕጋዊ ምስግጋር ዕጸ ፋርስ ከም ዘቃልዕ ተሓቢሩ።

ኣሃዱታት መርመራ ገበናት ሳይበር ዘካየድዎ መርመራታት ሰዒቡ፡ ኣብ ከም ብዓል ኢስታንቡልን ኣንካራን ዝኣመሰሉ ዓበይቲ ከተማታት ዝርከባኦን 14 ኣውራጃታት ብሓንሳብ ሰፊሕ ስርሒታት ከም እተኻየደ ተገሊጹ።

“ምቅላስ ሓሽሽ ጉዳይ ወሽጣዊ ድሕነት ጥራይ ኣይኮነን” ዝበለ ሚኒስተር ወሽጣዊ ጉዳያት ቱርኪ፡ ኣንጻር ዕጸ ፋርስ ዝካየድ ቃልሲ ዓለማዊ ናይ ጸጥታ ቃልሲ ምዃኑ ኣረዲኡ።

ብዘይካዚ፡ ቱርኪ ኣብ ጎደናታትን ኣብ መላእ ዲጂታላዊ መድረኻትን ኣንጻር መርበባት ዘይሕጋዊ ምስግጋር ዕጸ ፋርስ ትገብሮ ዘላ ሃገራዊ ወፍሪ ክቕጽል ምዃኑ፡ እቲ ሚኒስተር ኣስሚሩሉ።

## ብራዚል፡ ንንግዳዊ ስምምዕ ኣመሪካን ኣርጀንቲናን ትምርምር

ብራዚል፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ መንጎ ኣመሪካን ኣርጀንቲናን ዝተበጽሐ ንግዳዊ ስምምዕ ንሕግታት ንግዳዊ ውድብ ደቡብ ኣመሪካ (መርኮሱር) ዝጥሕስ ብምዃኑ፡ ብደቂቕ ትምርምሮ ከም ዘላ፡ ብዛዕባ እቲ ጉዳይ ቀጥታዊ ኣፍልጦ ዘለዎም ምንጪታት ንሮይተርስ ሓቢሮም።

መርኮሱር፡ ናይ ዝርርብ ሓይሊ ናይ’ቲ ውድብ ንምሕያል፡ ኣባላት ምስ’ቲ ካብ’ቲ ውድብ ወጻኢ ዝኾና ሃገራት ንግዳዊ ውዕላት ኣብ ምፍራም ክሳብ ክንደይ ክኸዱ ከም ዘለወን ዝድርት ቀጠባውን ፖለቲካውን ውድብ እዩ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ብዘጠሮ ዓለማዊ ንግዳዊ ወጥሪ፡ ኣርጀንቲና ካብ’ቲ ናይ’ቲ ውድብ ሓባራዊ ግዳማዊ ቀረጽ ኣብ ልዕሊ 150 ናብ ኣመሪካ እትሰዶም ንብረታት ግዝያዊ ነጻነት ከም ዝሓተተትን ከም ዝረኸበትን ይዝከር።



ሓደ ኣርጀንቲናዊ ብዓል ስልጣን ብዛዕባ’ቲ ብራዚል ተካይዶ ዘላ ምጽራይ ምስ ተሓተተ፡ “እቲ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ንፍርያት ኣመሪካ ዝተኣወጀ ምጉዳል ቀረጽ ኣብ ውሽጢ ዝርዝር ናይ’ቶም ኣርጀንቲና መሰል ዘለዋ 150 ፍሉያት ንብረታት ዝኣተወ እዩ” ኢሉ።

ሰበ ስልጣን ብራዚል ግን ንሮይተርስ ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ እቲ ሓድሽ ስምምዕ ኣመሪካን ኣርጀንቲናን ናይ ከባቢ 200 ዝበጽሑ ንብረት ዝሽፍን ምዃኑ እዮም ዝኸሱ ዘለዉ።

## “ሰራዊት ዓቃቢ ሰላም ኢንዶነዥያ ኣብ ቃዛ ክዋፈር ይኽእል’ዩ” ተባሂሉ

ኣብ ወሽመጥ ቃዛ ዝዋፈር ብዙሕ ሃገራት ዝሓቑፈ ሓይሊ ዓቃቢ ሰላም፡ ብድምር ኣሰታት 20 ሽሕ ሰራዊት ክህልዎ ከም ዝኽእልን፡ ኢንዶነዥያ ድማ ክሳብ 8 ሽሕ ዝበጽሑ ወተሃደራት ከተበርክት ከም እትኽእልን፡ ኣፈኛ ፕረዚደንት ኢንዶነዥያ ፕራቦዎ ሱብያንቶ ዝሓለፈ ሰሉስ ገሊጹ።

ይኹን’ምበር፡ እቲ ኣፈኛ፡ ዝኾነ ሰራዊት ናይ ምውፋር ውዕላት ይኹን ናይ ስራሕ ኩነታት ኣመልኪቱ ኣብ ስምምዕ ከም ዘይበጽሐ ገሊጹ።

ፕራቦዎ፡ ኣብ መወዳእታ እዚ ወርሒ’ዚ ኣብ ዋሽንግተን ኣብ ዝካየድ ኣኼባ ቦርድ ሰላም ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ንኽሳተፍ ተዓዲሙ ኣሎ።

እታ ኣብ ደቡባዊ ምብራቕ ኤስያ እትርከብ ሃገር ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ዓቃብ ሰላም ቃዛ 20 ሽሕ ሰራዊት ክተዋፍር ቃል ኣትያ እኳ እንተ ነበረት፡ ቀዳማይ ምውፋራ ግን ብዛዕባ ዕማም ናይቲ ዓቃብ ሰላም ዝያዳ ዝርዝር ሓበሬታ ትጽበ ከም ዘላ ገሊጹ።

እቲ ኣፈኛ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ “እቲ ጠቕላላ ቁጽሪ ኣሰታት 20 ሽሕ ካብ ብዙሓት ሃገራት ዝተዋጽአ እዩ፡ ካብ ኢንዶነዥያ ጥራይ ኣይኮነን” ክብል ሓቢሩ። ንሱ ወሲኹ፡ ልክዕ ቁጽሪ ወተሃደራት ክሳብ ሕጂ ኣይተዘርዘረን፡ ኢንዶነዥያ ግን ክሳብ 8 ሽሕ ከተቕርብ ከም እትኽእል ተገሚቱ ከም ዘሎ ኣመልኪቱ።



ብዘይካዚ፡ ኢንዶነዥያ፡ ንቀዋሚ ኣባልነት ቦርድ ሰላም ዝሕተት ዝነበረ ሓደ ቢልዮን ዶላር ቀዳሚ ምኽፋላ ዝርርብ ክካየድ ምዃኑ ገሊጹ።

እዚ ከምዚ’ሉ እንከሎ፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል ኢንዶነዥያ’ውን፡ ምውፋር ሰራዊት ኢንዶነዥያ ኣብ ወሽመጥ ቃዛ ኣብ ራፋሕን ካን ዩኒስን ከም ዝኾነ’ውን ኣመልኪቱ ንወጻኢ ጸብጻብ ማዕከናት ዜና እስራኤል ሒዞም ኣሎ።

ኣፈኛ ናይቲ ሚኒስትሪ ንሮይተርስ ኣብ ዝሰደዶ መልእኽቲ፡ ኢንዶነዥያ ኣብ ቃዛ ሰላም ሰብኣዊ ደገፍን ኣበርክቶ ንምግባር ዝሓሰቡቶ መደብ ጀ ኣብ ምድላዋትን ምውህሃድን ከም ዝርከብ ኣብሪሁ።

## ቻንስለር ጀርመን፡ ምስ ሃገራት ሰግረ-ኣትላንቲክ ዝድምናኡ ከደልድል ከም ዝደሊ ተሓቢሩ

ቻንስለር ጀርመን ፍሪድሪክ መርዝ ጎደኒ ጎደኒ’ቲ ዝመጽእ ዓርቢ ኣብ ሙኒክ ዝካየድ ዋዕላ ጸጥታ፡ ምስ ሓላፊ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ማርኮ ሩብዮ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ቻይና ዋንግ ዪን ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎዲሚር ዘለንስኪን ክራኸብ ምዃኑ፡ ሓደ ብዓል ስልጣን መንግስቲ ጀርመን ገሊጹ።

መርዝ ኑቲ ዓመታዊ ዝካየድ መድረኽ ጸጥታ ንፖሊሲ ወጻኢ ጀርመን ኣብ እዋን ዓቢ ፖለቲካ ሓይሊን ውጥረትን ዝመልኦ ዝምድናታት ሰግረ-ኣትላንቲክን ኣመልኪቱ ብዘቕርቦ መደረ ክኸፍቶ ምዃኑ፡ እቲ ብዓል ስልጣን ኣብ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ሓቢሩ።



“እቲ ቻንስለር፡ ኣብ’ቶም ንኣመሪካ ክንሰርሓሉ ዘለና ወይ’ውን ክንሰርሓሉ እንኽእል ኩነታት ኣለና ዝብሉ ሰባት ከም ዘይኮነ ብተደጋጋሚ ብግልጹር ገሊጹ’ዩ” ዝበለ እቲ ብዓል ስልጣን፡ እቲ ቻንስለር ምስ ሃገራት ሰግረ-ኣትላንቲክ ዘለዎ ዝምድና ንቕድሚት ንምድፋእ ክሕግዞ ዝኽእል መንገዲታት ክዘርዝር ትጽቢት ከም ዝግበር ኣብሪሁ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ዓሰብ | 11/2/2026 | ጎደና ኣፍዓበት ቁ. 105፡ቀበቢ. 2ይ መደበር ፓሊስ (ካርሸሊ) | 123105 |
| ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ | | | ቁ.ቴሌፎን 127565 |